# ወጋሕታ

ኢፕድ

4ይ ዓመት ቑፅሪ 06 11 ታሕሳስ 2016 ዓ.ም ሓሙስ ብር 10.00

# ኢትዮጵያ ኣብ ኹሎም ዓውድታት ወታደራዊ ዓቕማ እናሃነፀት ትርከብ

በሪሁ ኣረጋ

ኣዲስ ኣበባ፡- ኢትዮጵያ ንሓይሊ ኣየር፣ ምድርን ባሕርን ሓዊሱ ኣብ ኹሎም ዓውድታት ወታሃደራዊ ዓቕማ እናሃነፀት ከምትርከብ ቀዳማይ ሚኒስትርን ዋና ኣዛዚ ሓይልታት ሰራዊትን ፌዴሪኢ ኣብይ ኣሕመድ (ዶ/ር) ገሊፆም። ሓይሊ ኣየር ንዘሰልጠኖም መብረርትን ካልኦት መኮንናትን ኣመሪቑ።

ቀዳማይ ሚኒስትርን ዋና ኣዛዚ ሓይልታት ሰራዊትን ፌዴሪኢ ኣብይ ኣሕመድ (ዶ/ር) ኣብቲ ግዜ ከምዝገለፅዎ፤ ሓንቲ ሃገር ብወታደራዊ ዓቕሚ ብምሉእ ዓቕሚ ምድላው ኣድላዪ ምዃኑ ብምግላፅ፤ ነዚ ንምግባር 'ውን ሓይሊ ኣየር ኢትዮጵያ ኣብ ትኽክለኛ ቁመና ይርከብ ኢሎም።

ኢትዮጵያ ንሓይሊ ኣየር፣ ምድርን ባሕርን ሓዊሱ ኣብ ኩሎም ዓውድታት ወታደራዊ ዓቕማ እናሃነፀት ከምትርከብ ዝገለፁ ቀዳማይ ሚኒስትር ኣብይ፤ ንናይ ፅባሕ ስርዓት ውግእ ዝውስኑ ቴክኖሎጂታት ምህናፅ ዘድሊ ንኢትዮጵያ ምፅናዕ፣ ክትቕፅል ምግባርን ናብ ናይ ፅባሕ ወለዶ ምስግጋርን ናትና ሓላፍነትን ታሪኻዊ ሓደራን ስለዝኾነ 'ዩ ክብሉ ገሊፆም።

ፀላኢ ንኢትዮጵያ ብዝተፈላለየ መልክዑ ንምጥቃዕ ከምዝፍትን ብምሕሳብ ነዚ ዝምጥንን ብቕዓት ምምካትን ንጥቕዓት 'ውን ዘተኣማምን ስጉምቲ ንምውሳድ ዘኽእልን ድልውነት ኣድላዪ ምዃኑ ገሊፆም።

ኣብዚ ሕዚ እዋን ጥንኩር ስልጠና ተዋጋእቲ ኣብ ውሽጢ ሃገርን ወፃእን ብምሃብ ህይወት ከፊሎም ዓወት ብምፍፃም ንሃገር ዘድሕኑን ዘሐብኑን "ኤሊት ፎርስን" ጥምረት ሓይሊ ኣየርን እናተፈጠረ ምዃኑ እቶም ቀዳማይ ሚኒስትር ሓቢሮም።

ኢትዮጵያ ...ናብ ገፅ 6



ፎቶ- ዳኜ ኣበራ



ኣይተ ኣታለለ ኣቡሀይ

## ኣብ ክልል ትግራይ ብምኽንያት ድርቂ ሕፅረት ምግቢ ንዘጋጠሞም ወገናት ረድኤት ክዕደል 'ዩ

ሄርሞን ፍቃዱ

ኣዲስ ኣበባ፡- ኣብ ክልል ትግራይ ብምኽንያት ድርቅን ሰብ ሰራሕ ሓደጋን ሕፅረት ምግቢ ንዘጋጠሞም ወገናት ረድኤት ከም ዝዕደል ኮምሽን ኣመራርሓ ስግኣት ሓደጋ ኢትዮጵያ ኣፍሊጡ።

ኣብ ኮምሽን ኣመራርሓ ስግኣት ሓደጋ ኢትዮጵያ ላዕለዋይ በዓል ሞያ ርክብ ህዝቢ ዝኾኑ ኣይተ ኣታለለ ኣቡሀይ ንትካል ፕሬስ ኢትዮጵያ ከም ዝበልዎ፤ ኣብ ክልል ትግራይ 2 ሚሊዮን ዜጋታት ንሕፅረት ምግቢ ከምተሳጥሑን እቲ ዘጋጠመ ፀገም ልዕሊ ዓቕሚ እቲ ክልል ምዃኑን በቲ ክልል ተሓቢሩ 'ዩ ኢሎም።

እቲ ሐዚ ዙር ዝዕደል ረድኤት ኣብ ውሽጢ ሰለስተ መዓልቲ ምብፃሕ ከም ዝጅመር ዝገለፁ እቶም በዓል ሞያ፤ ኣብ ክልል ትግራይ 2 ሚሊዮን ዝኾኑ ዜጋታት ብድርቅን ብሰንኪ ኩናትን ንሕፅረት ምግቢ ከም ዝተቓልዑ

ኣብ ክልል...ናብ ገፅ 6



ኣይተ ጌትነት ታደሰ



ኣይተ መሳፍንት ተፈራ



ወይዘሮ ሜላትወርቅ ሃይሉ

ፎቶ- በሪሁን ታደሰ

# እቲ ቤት ምኽሪ ንሹመት ሓካቢት ብሄራዊ ቦርድ መረፃ ኢትዮጵያ ኣፅዲቑ

- ንሹመት ዋና ፈፀምቲ ስራሕ ትካል ፕሬስ ኢትዮጵያን ብሮድካስቲንግ ኮርፖሬሽን ኢትዮጵያን 'ውን ኣፅዲቑ

በሪሁ ኣረጋ

ኣዲስ ኣበባ፡- 6ይ ቤት ምኽሪ ተወከልቲ ህዝቢ ብቅድሚ ትማሊ ኣብ ዘሳለጦ ዘመን ስራሕ 3ይ ዓመት መበል 9ይ ስሩዕ ኣኼብኡ ንሹመት ኣካቢት ብሄራዊ ቦርድ መረፃ ኢትዮጵያ ወይዘሮ ሜላትወርቅ ሃይሉ ኣፅዲቑ።

እቲ ቤት ምኽሪ ንሹመት ዋና ፈፃሚ ስራሕ ትካል ፕሬስ ኢትዮጵያ ኣይተ መሳፍንት ተፈራ ከምኡ 'ውን ንሹመት ዋና ፈፃሚ ስራሕ ብሮድካስቲንግ ኮርፖሬሽን ኢትዮጵያ ኣይተ ጌትነት ታደሰ ኣፅዲቑ።

ንሹመት ዋና ኣካቢት ብሄራዊ ቦርድ መረፃ ኢትዮጵያ

እቲ ቤት ምኽሪ...ናብ ገፅ 6

## ኣብ ክልል ትግራይ ኣስታት 97 ሚኢታዊ ምህርቲ ተኣኪቡ

ኣብርሃ ሓጎስ

ኣዲስ ኣባባ፡- ኣብ ክልል ትግራይ ከባቢ 97 ሚእታዊ ካብ ድርቅን ውሕጅን ዝተረፈ ምህርቲ ከምዝተኣከበ ምኽትል ሓላፊ ቢሮ ሕርሻን ሃፍቲ ተፈጥሮን ትግራይ ኣይተ ኣለምብርሃን ሃሪፈ ገሊፆም።

ኣይተ ኣለምብርሃን ንጋዜጣ ወጋሕታ ከምዝገለፅዎ፤ ዝተወሰነ ናይ ቃንጫ ዝራእቲ ተዘይኮይኑ ካሊእ ናይ በርዒ ዝራእቲ ዝበሉ መብዛሕትኡ ተኣኪቡ 'ዩ። መብዛሕትኡ ዝተሰብሰበ ድማ ኣብ ናይ መኼዳ ስራሕቲ 'ዩ ዝርከብ ዘሎ።

ኣብዚ ዓመት ኣብ ትግራይ ክስብሰብ ካብ ዝተተለመ ምህርቲ መሰረት ክንደይ ዝኣክል ተዓዊቱ ንዝብል ናይዚ ክራማት እቶት ገምጋም ካብ ፌደራልን ክልልን ካልኦት

ኣብ ክልል...ናብ ገፅ 6

"ኣውሮፕላን ናብ ኢትዮጵያ ካብ ዝኣትው ጀሚሩ ካብ መንግስቲ ናብ መንግስቲ ምስ ውፃእ ውረዱ ተሻጊሩ ኣብዚ በፂሑ ኣሎ"

- ሌተናል ጀኔራል ይልማ መርዳሳ ዋና ኣዛዚ ሓይሊ ኣየር ኢትዮጵያ

ገፅ 4

«ሕቶ በሪ ባሕሪ ምስ ህልውና ዝተተሓሓዘ ጉዳይ እምበር ፈፂሙ ምስ ፖለቲካ ዘተሓሕዝ የብሉን»

- ሌተናል ጀነራል ዮሃንስ ገብረመስቀል

ገፅ 5

# መበል 88 ዓመት ክብረ በዓል ኮኾብ ሰማይ

**ሄርሞን ፍቃዱ**



በዓል ብዙሕ ዓሻራ 'ዩ። ንዘበናት ዝሰዓረ ዓመታት ዝተሳገረ 'ዩ፤ወለዶ እናተቐባበሎ ትማሊ ሓሊፉ ፅባሕ 'ውን ዝቕፅል 'ዩ። መገዲ ታሕትን ላዕልን እናሓለፈ፤88 ዓማውቲ ድማ ኣቑፂሩ 'ዩ።

ሃገር ኣብ ዝባኑ ፀይርዋ 'ዩ። ውፅኢት ልፍዓትን ድኻምን ብዙሓት 'ዩ። ፍልጠቶምን ግዘኦምን ዝለገስዎ ኣይስኣኑን። ዘበናውነት ንምልባስ ክፅዕር ይውዕል። ብምድግጋፍ እናበርተዐ ይህርኩት። ኣብ ውሽጢ መረብኡ ግርማ ሞገስ ዝተላበሳ ነፋርቲ ክረኣያ ቐንየን 'የን። ወተሃደራዊ 'የን። ኣሸንኳይዶ ንፀላኢ ልቢ ፈታዊ የሰምብዳ።

ኣብዚ ሰሙን እዚ መበል 88 ዓመቱ ተኸቢሩ 'ዩ። ካብ ሕዳር 20 ጀሚሩ ኣጋይሹ ክቕበል መረብኡ እናማዕረገ ቐንዩ 'ዩ። ኣሎ፤ ዘብዒ ሰማይ ሓይሊ ኣየር ኢትዮጵያ።

ዓለም ናብርኣ በዓልቲ ኽልተ መልክዕ 'ያ። ሓንሳብ እናጠበረት ኻልእ ግዘ ድማ እናፈራርሐት 'ያ ትነብር። እቶም ሓያላት ድማ ሰብ ብዙሕ ጉልበት 'ዮም። ድሕሪ ባይትኦም እንትፅናዕ ብዙሕ ክበሃል እንተተኽኣለ እኳ ብቕዓት ሓይሎም ግና ቐዳምነት ዝወሃቦ 'ዩ። ሙሉእ ዕድሎም ተጠቒሞም ከም ሃገርና ዝበለት የርእዩና። ሓይሊ ኣየር ኢትዮጵያ ድማ ንኢትዮጵያ ብዝምጥን መልክዑ ላዕልን ታሕትን ምባሉ ኣይተረፈን። ኣብ ውሽጡ ዝሰርሕ ኹሉ ብኢትዮጵያውያን ጥራሕ 'ዩ ዝሰርሕ።

ዋና ኣዛዚ ሓይሊ ኣየር 'ዮም። ሌተናል ጀነራል ይልማ መርዳሳ። በዓል ድግስ 'ውኖ የብሉን ከም ዝበሃል ስራሕ በዚሕዎም ኣሎ። ይትረፍ ዶ ነቲ ትካል ምምራሕ ቑደት ምግባር 'ውን ዓብዩ ስራሕ 'ዩ። እሶም ድማ መራሒ እቲ ትካል 'ዮም። ነዚ ድማ 'ዩ ዕረፍቲ ዝስኣኑ።

ናይ ለውጢ ኣመራርሓ እንትመፅእ ብዛዕባ እቲ ኹነታት ይዛረቡ። እቲ ትካል ብሽሙ ጥራሕ 'ዩ ጠጠው ኢሉ ነይሩ። እኹል መሰልጠኒ ኣውሮፕላን ኣይነበረን። ንወተሃደራዊ ግልጋሎት ዝውዕል ሄሊኮፍተር ኣይሕሰብን፤ ንምክልኻል ዘኽእል ቑመና ኣይነበሮን።

ሎሚ ታሪኽ ተቐይሩ 'ዩ፤ ማእኸል ፅገና እቲ ትካል በዓል ዓብዪ ዓቕሚ ኾይኑ ኣሎ። ኣፍቲ ማእኸል ዝኾነ ዓይነት ኣውሮፕላን ይፅገን። ኣውሮፕላናት ናይ በረራ ግዘአን እንትውድኣ ወፃኢ ኣይኸዳን ኣብዚ እየን ዝስረሓ። ማንዋል ዝነበራ ኣውሮፕላናት ዲጂታል ኾይነን 'የን። እዚ ድማ ኣብዚ ማእኸል ዝስራሕ ተግባር 'ዩ።

ቴክኒሻያናትን ኣብረርትን ብዙሓት ፀገማት ነይርዎም። እኹል ቐረብ ስለ ዘይነበረ ትምህርቶም ንምክትታል ዓብዪ ፀገም ነይርዎም። ድሕሪ ምውፅኦም ድማ እቲ ፀገም ይስዕቦም ነበረ። ዓርሶም ንምምሕያሽ ዘኽእል ዓቕሚ ስለ ዘይነበሮም ብዙሕ ይፍተኑ። ካብ ሃገር ዝጠፍኡሉ ኣጋጣምታት 'ውን ኣይሰኣንን።

እቲ በዓል እንትኽበር ኣርባዕተ ዓምድታት ኣለውዎ ይብሉ ሌተናል ጀነራል ይልማ። ልምዓት ሓይሊ ሰብ፣ዕጥቂ፣መሰረተ ልምዓት፣ ንኢትዮጵያ ዝምጥን ሓይሊ ኣየር ምህናፅን 'ዮም።

ልምዓት ሓይሊ ሰብ ናይቲ ትካል ሪፎርም ቀንዲ ተግባር 'ዩ። ኣብ ዓለም ኣለዉ ዝተብሃሉ ቴክኖሎጂታት ኣለውዎ። ዕጥቅታት ውግእን ስልጠናን ኣማሊኡ ዝሓዘ ትካል ኾይኑ 'ዩ። እቶም ኣፅዋራት ድማ ብዘበናዊ ቴክኖሎጂ ዝተደራጀዉ 'ዮም።

ሓለቃ ሽሕ ካፒቴን ሰይድ ይበሃሉ። ሓላፊ ርክብ ህዝቢ እቲ ትካል 'ዮም። ኣብ 2001 ዓ/ም 'ዮም ተመሪቖም። እሶም እንትመሃሩ ብዙሕ ፀገማት ነይሩ። እኹል ኣውሮፕላን ብዘይምንባሩ ልምምድ ክይገበሩ ንብዙሕ እዋናት ከም ዝፀንሑ ይዛረቡ። በዚ ምኽንያት ድማ ተስፉ ቖሪፆም ምንባሮም ይዛረቡ።

ተመልሚሉ ንዝመፅ ተምሃራይ ስልጠና ኣይወሃቦን ነይሩ። እቲ ፈላማይ ሰልጠና ከይወድአ ቐፀልቲ ሰልጠንቲ ይመፁ ምንባሮም ድማ ብጣዕሳ ይዝክሩ። እዚ ሐዚ እዋን ኹሉ ሓሊፉ 'ዩ።

ዲስፕሊን ሓደ መግለፂ ሓይሊ ኣየር 'ዩ። ሰራሕተኛ ይኹን ተምሃራይ ነዚ ሕጊ ተገዛኢ 'ዩ። ኣፍቲ ትካል ንምእታው ቃል ንዘለዎም ንመናእሰይ ድማ ዓብዪ ተስፋ ዘበስር 'ዩ።



## "ኢትዮጵያ ንዝሓተተትና ሕቶ መልሲ ንምልሰሉ ግዜ ሕዚ 'ዩ"

- **ፕሮፌሰር ዳንኤል ቅጣው ኣካቢ ኣማኻሪ ኮሚቴ ኮሚሽን ሃገራዊ ምኽክር ኢትዮጵያ**

**በሪሁ ኣረጋ**

ኣዲስ ኣበባ፡- እቲ ሃገራዊ ምኽክር ንክሳኻዕ ኢትዮጵያ ንዝሓተተትና ሕቶ መልሲ ንምልሰሉ ግዜ ሕዚ 'ዩ ክብሉ ኣካቢ ኣማኻሪ ኮሚቴ ኮሚሽን ሃገራዊ ምኽክር ኢትዮጵያ ፕሮፌሰር ዳንኤል ቅጣው ገሊፆም።

ፕሮፌሰር ዳንኤል ንምልዕዓልን ድሉውነትን ስራሕ እቲ ንኮሚሽን ሃገራዊ ምኽክር ኢትዮጵያ ንምምኻር ዝተሰየመ "ኣማኻሪ ኮሚቴ" ብዝምልከት ምስ ትፕኢ ኣብ ዝገበርዎ ፃንሒት፤ "ሃገርና ኢትዮጵያ ኣምሂራትና 'ያ። ዘለና ኹሉ ናይ ሃገርና 'ዩ። ስለዚ ንኽእሎ ኩሉ ክንገብር ኢና ኢሎም።

ኩሉ ኣባል ኮሚቴ ነዚ ቑርፀኛ ምኳኑ ዝገለፁ ፕሮፌሰር ዳንኤል፤ ኣባላት እቲ ኮሚቴ ፅቡቕ ልምዲ ዘለዎምን ዓበይትን ሰባት ከምዝኾኑ ገሊፆም። ነዚ ሰናይ ኣጋጣሚ ብምጥቃም ኢትዮጵያ ንዝሓተተትና ሕቶ መልሲ ክንህብ ዘለና ግዜ ሕዚ 'ዩ ክብሉ ተዛሪቦም።

እቲ ኮሚሽን ስርሑ ሰፊሕ ምኳኑ ብምጥቃስ፤ ዋና ስራሕ ኮሚሽነራት ንኻልኦት ክሰርሑ ምግባር 'ውን ከምዝኾነን በይኖም ፀገም 120 ሚሊዮን ህዝቢ ንምፍታሕ ሕድሕድ ስራሕ ሰሪሖም ክውድኡ 'ዮም ኢልካ ምግማት ከምዘፀግም ገሊፆም። ስለዚ ንዕኦም ምድጋፍ ኣድላዪ ብምኳኑ ምኽረ ሓሳብ ብምቕራብ ከምዝሕግዙ ተዛሪቦም።

ኣብ ዝስርሕዎ ስራሕ ስነ ሜላታት ተሳተፍቲ ምፍላይ ብምርኣይ፤ እቲ ስራሕ ከመይ ክስራሕ ከምዘለዎን ኣብ ቐፃልነት ቐፃሊ ፀገም እንተጋጥም ከመይ ክፍታሕ ከምዘለዎ ዘመላኽቱን ንኻልኦት ጉዳያት 'ውን ብሓሳብ ደረጃ ንምምኻር እቲ ኮሚቴ ድሉው ኾይኑ እናሰርሐ ከምዝርከብ ኣመላኺቶም። እቲ ኮሚሽን 'ውን ነቲ ምኽረ ሓሳብ ወሲዱ ናይ ባዕሉ 'ውን ሓዊሱ ስራሕቲ ምምሕያሽ ክሰርሕ 'ዩ ኢሎም።

ናትና ሓላፍነት ምኽረ ሓሳብ ምሃብ 'ዩ። እቲ ዓብዪ ስራሕ ዘሎ ግና ምስቲ ኮሚሽን ሃገራዊ ምኽክር 'ዩ ዝበሉ እቶም ፕሮፌሰር፤ እቲ ኣምኻሪ ኮሚቴ ምኽረ ሓሳብ 'ዩ ዝህብ 'ምበር ነቲ ኮሚሽን ብኣዋጅ ዝተውሃቦ ስራሕ ከምዘይሰርሕ ተዛሪቦም።

ኢትዮጵያ ኣብ 1953 ዓ.ም፣ 1966 ዓ.ም፣ 1983 ዓ.ምን 1997 ዓ.ምን ዝነበሩ ሃገር ክልውጡ ንዝኽእሉ ፅቡቓት ኣጋጣሚታት ከምዝሰኣነት ዝተዛረቡ እቶም ፕሮፌሰር፤ ከምሃገር ኣብ 2010 ዓ.ም ንዝመፅአ ሰናይ ኣጋጣሚ ክንስእኖ የብልናን ኢሎም። "ንሕና ነዚ ንቐፅሮ ከም ኣጋጣሚ ጥራሕ ዘይኮነስ ከም ሰናይ ዕድል 'ዩ" ክብሉ 'ውን ነቲ ሃገራዊ ምኽክር ገሊፆምዎ።

እቲ ሃገራዊ ምኽክር ውፅኢታዊ ንክኸውን ህዝቢ ነዚ ኣጋጣሚ ተጠቂሙ ናብ ልምዓት፣ ዕብየትን ስምምዕነትን ክመፅእ ከምዘለዎ 'ውን ኣገንዚቦም።

ከምሃገር ቅድሚ ሕዚ ካብ ንጉሳዊ ኣገዛዝኣ ክሳብ ኮሚኒዝም ዝተፈተኑ ፈተነታት ውፅኢት ኣየምፅኡን ዝበሉ ፕሮፌሰር ዳንኤል፤ ሰላም ንምምፃእ ብምትሕብባር እቲ ሓደ ነቲ ኻልእ ኣኽቢሩ ምንባር መማረፂ ናይ ምግባር ፈተነ ክሳኻዕ ምግባር ከምዝግባእ ገሊፆም። እቲ ኣማኻሪ ኮሚቴ ኣብዚ መዳይ ብተዋፋይነት ከምዝሰርሕ 'ውን ገሊፆም።

ህዝቢ ኢትዮጵያ 'ውን እዚ ኣጋጣሚ ንከይሓልፎ ብተወፋይነትን ብልግስን ክሰርሕ ኣለዎ ክብሉ ኣተሓሳሲቦም።

## ‹‹በሪ ባሕሪ ሕቶ ህልውና ኢትዮጵያ ካብ ምምላስ ሓሲፉ ተደጋጊፍካ ንምዕባይ 'ውን ዝሕግዝ 'ዩ››

- **ሌተናል ጀነራል ዮሃንስ ገ/መስቀል**

**መኣርግ ገ/ሄር**

ኣዲስ ኣበባ፡- ኢትዮጵያ እተቅርቦ ዘላ ሕቶ በሪ ባሕሪ ሕቶ ህልውና ህዝቢ ካብ ምምላስ ሓሊፉ ብፍላይ ኣብቲ ዞባ ንዝርከባ ሃገራት ተዳጋጊፍካ ንምዕባይ ኣዝዩ ወሳኒ 'ዩ ክብሉ ሌተናል ጀነራል ዮሃንስ ገሊፆም።

ሌተናል ጀነራል ዮሃንስ ምስ ጋዜጣ ወጋሕታ ኣብዝነበሮም ፃኒሒት ከምዝገለፅዎ፤ ኢትዮጵያ ሕቶ በሪ ባሕሪ ንምልዓል ዘገደዳ ጉዳይ ህልውና ህዝቢ 'ዩ። ምስ ልኣላውነት ካልኦት ዝዳፋእ ኣይኮነን። እኳዳኣስ ተደጋጊፍካ ሓቢርካ ንምዕባይ ካብዘለዋ ባህጊ 'ውን 'ዩ።

እዚ ተተሓሒዝካን ተደጋጊፍካን ንምዕባይ እምበር ናብ ጎንፂ ዘምርሕ 'ውን የብሉን ዝበሉ ሌቴናል ጀነራል ዮሃንስ፤ ኢትዮጵያ ኣግባብነት ዘለዎ ሕቶ ስለ ትሓትት ዘላ ብኣወንታ ክረአ ዘለዎ ጉዳይ 'ዩ ክብሉ ተዛሪቦም።

ኢትዮጵያ ኣብ ኣፍ በሪ ባሕሪ ኮይና በሪ ባሕሪ ከትስእን የብላን፤ እዚ ሕቶ እዚ ምስ ህላወ ህዝቢ ዝተሓሓዝ ስለ ዝኾነ ሓንሳብ ተላዒሉ ዝተርፍ ኣይኮነን። ብፍላይ ህዝቢ ኢትዮጵያ ካብ ግዜ ናብ ግዜ ቑፅሩ እናወሰኸ ይኸይድ ስለ ዘሎ እዚ ሕቶ እዚ ፍታሕ ክረክብ ክኽእል ኣለዎ ኢሎም።

ልዕሊ 100 ሚልዮን ህዝቢ ብዘይ በሪ ባሕሪ ክነብር ኣይንኽእልን፤ ፅባሕ ድማ 200ሚልዮን ምኳኑ ኣይቀርዮን፤ ምስ እዚ ተተሓሒዙ በቢ ዓመቱ ጠለብ ኢኮኖሚ እናዓበየ ይኸይድ ስለ ዘሎ ብዘይ በሪ ባሕሪ ድሌቱ ክማለኣሉ ኣይኽእልን።

ኢትዮጵያ ንደገ እትሰዶምን እተኣትዎምን ሸቐጣት ካብግዜ ናብ ግዜ እናወሰኸ 'ዩ ዝኸይድ ዘሎ። ስለዚ ጉዳይ በሪ ባሕሪ ንኢትዮጵያ ኣዝዩ ወሳኒ 'ዩ። እዚ ምስ ናይ ካልኦት ሃገራት ልኣላውነት ዝዳፋእ ኣይኮነን፤ እኳደኣስ ኢትዮጵያ ተጠቓሚት በሪ ባሕሪ እንተኾይና ምስተን ጎረቤት ሃገራት ተደጋጊፍካ ንምዕባይ ዝሕግዝ 'ዩ ኢሎም።

ተደጋጊፍካ እምበር በይንኻ ምዕባይ ዝከኣል ኣይኮነን ዝበሉ እቶም ሌቴናል ጀነራል፤ መንግስቲ ኢትዮጵያ ዘድልየኩም ካባና ውሰዱ በሪ ባሕሪ ድማ ብሓባር ንጠቐም፤ ተደጋጊፍና ንዕበ ምባሉ ኣዝዩ ዝድገፍ ሓሳብ 'ዩ ክብሉ እቶም እቶም ሌቴናል ጀነራል ወሲኾም ተዛሪበም።

## ኣብ ክልል ትግራይ 32 ወረዳታት ዝኸፍአ ሕፅረት ምግብን ድርቅን ኣጋጢምወን

**ሄርሞን ፍቃዱ**

ኣዲስ ኣበባ፡- ኣብ ክልል ትግራይ 32 ወረዳታት ዝኸፍአ ድርቅን ሕፅረት ምግብን ከም ዝገጠመን ኣመራርሓ ኮምሽን ስግኣት ሓደጋ ክልል ትግራይ ኣፍሊጡ።


መተሓባበሪ ቕድመ መጠንቀቕታን ግብረ መልስን ኣመራርሓ ኮምሽን ስግኣት ሓደጋ ክልል ትግራይ ኣይተ ልጄኣለም ካሕሳይ ንትካል ፕሬስ ኢትዮጵያ ከም ዝበልዎ፤ ኣፍቲ ክልል 32 ወረዳታት ደቡብ፣ደቡብ ምብራቕ፣ማእኸላይን ሰሜን ምዕራብን ብፍላይ ድማ ኣብ ወረዳታት መረብን ተከዘን ዝኸፍአ ሓደጋ ድርቂ ኣጋጢሙወን 'ዩ።

እዘን ወረዳታት ብዝኸፍአ ድርቂ ዝተጠቕዓ 'የን፤ኾይኑ ግና እቲ ክልል ብሓፈሻ ብምኽንያት ኲናትን ሕፅረት ዝናብን ሓደጋ ድርቅን ስለ ዘጋጠመ መብዛሕትኡ ሰብ ደላዪ ረድኤት 'ዩ።

እቶም መተሓባበሪ ከም ዝበልዎ፤ መንቀልታት ነቲ ሐዚ ተኸሲቱ ዘሎ ሓደጋ ድርቂ ኽልተ ዓይነት ከም ዝኾኑ ብምሕባር፤ ብዋናነት ናይቲ ኲናት ሳዕቤን ኣብ ማሕበራውን ኢኮኖሚያውን ጉዳይ ዓብዪ ፅልዋ ከም ዘሕደረ፤ ብተወሳኺ ድማ ብምኽንያት ተፈጥሮ ዝተኸሰተ ሕፅረት ማይ ነቲ ፀገም ክጋደድ ከም ዝገበሮ ሓቢሮም።

እቲ ኣጋጢሙ ዘሎ ሓደጋ ሕፅረት ምግቢ ንሓደ ዓመት ዝኸውን ትኹረት ከም ዘድልዮ ብምግላፅ፤ መንግስቲ ኣብ ቐረባ እዋን ረድኤት ከም ዝልእኽ ብዝሓበሮ መሰረት እቲ ሓገዝ ብህፁፅ ናብ ተረዳእቲ ንኽበፃሕን፤ እቲ ፀገም ብዘላቒ ንኽፍታሕ ኣፍቲ ክልል ዘሎ ዓቕሚ ብምፅናዕ ቐፃልነት ዘለዎ ስራሕቲ ልምዓትን ዳግመ ህንፀትን ብምጥንኻር ውፅኢታዊ ስራሕ ምስራሕ ግድን 'ዩ ኢሎም።

ብተመሳሳሊ በዓል ሞያ ርክብ ህዝቢ ኮምሽን ኣመራርሓ ስግኣት ሓደጋ ኢትዮጵያ ኣይተ ኣታለለ ኣቡሀይ ከም ዝበልዎ፤ ንሳልሳይ ግዘ ዝባፃሕ ረድኤት ኣብ ውሽጢ ሰለስተ መዓልቲ ከም ዝጉዓዝ ብምግላፅ፤ኣብ ክልል ትግራይ ኽልተ ሚሊዮን ዜጋታት ብድርቅን ኲናት ብዝፈጠሮ ሳዕቤንን ሕፅረት ምግቢ ከም ዘጋጠሞም ብምዝኽኻር፤



ኣይተ ልጄኣለም ካሕሳይ

እቲ ክልል ዘጋጠሞ ሓደጋ ልዕሊ ዓቕሙ ከም ዝኾነ ብዘፍለጠ መሰረት ረድኤት ንዘድልዮም ተበፃሒ ንምግባር ምድላዋቱ ከም ዝወገነ ድማ ኣፍሊጦም።

ስግኣት ሓደጋ ንምክልኻል መንግስቲ ፌደራል ምስ ክልላትን መዳርግቲ ኣካላትን ብምኳን ቕነሳ ስራሕቲ ሓደጋ እናሰርሐ 'ዩ፤ ቕድሚ ሐዚ ንሓደጋ ተጋለፅቲ ካብ መንጎ ዝኾና ክፉላት ሃገርና ከባቢ 200 ዝኾና ወረዳታት ብመፅናዕቲ ብምሕጋዝ ናይ ምፍላይ ስራሕቲ ከም ዝተሰርሐ ኣዘኻኺሮም።

ኣብ ክልል ትግራይ ብርክት ዝበላ ከባብታት ብምኽንያት ድርቅን ጎንፅን ዝተጎድኡ ዜጋታት ከም ዘለዉ ብምሕባር፤ኣብ ክልላት ዓፋርን ኣምሓራን፤ ሰሜን ጎንደር፣ዋግህምራ፣ከባቢ ሰሜን ሸዋ ዝርከቡ ብሄረሰብ ኦሮሞ፣ኣብ ምብራቕ ጎጃም ከባቢ ኽልተ ነጥቢ ኣርባዕተ ሚሊዮን ዜጋታት ብድርቅን ብሰብ ሰራሕ ሓደጋታትን ሕፅረት ምግቢ ኣጋጢምዎም 'ዩ ኢሎም።

# ርእሰ ኣንቀፅ

## ሓይሊ ኣየር ኢትዮጵያ ነዚ ዘመን እዚ ብዝምጥንን ዘተኣማምንን መልክዑ ተሃኒፁ ‘ዩ

ሓይሊ ኣየር ኢትዮጵያ ኣብዚ ሰሙን እዚ መበል 88 ዓመቱ ተኽቢሩ ‘ዩ:: እቲ ትካል ካብ ሕዳር 20 ጀሚሩ ዝተፈላለዩ ምድላዋት እናገበረን ኣጋይሹ ክቕበል ድሕሪ ምፅናሕ መጠቓለሊ 6 ታሕሳስ ኣዝዩ ብዝለኣለ ፅንብል ኣኽቢሩ ‘ዩ:: ሓይሊ ኣየር ኢትዮጵያ ነዊሕ ታሪኽ ዘለዎ እኳ እንተኾነ ኮይኑ ግና ነታ ሃገር ብዝምጥን መልክዑ ኣይተሃነፀን ነይሩ::

ነዚ ተሓሳቢ ብምግባር ንኢትዮጵያ ብዝምጥን መልክዑ ንምህናፅ ብፍላይ ድሕሪ ለውጢ መንግስቲ ብዙሕ ላዕልን ታሕትን ምባሉ ኣይተረፈን:: ማለት ድሕሪ ለውጢ ጠመተ ተዋሂብዎ ብዙሕ ስራሕ ተሰሪሑ ‘ዩ::

ሕዚ ከም ናይ ቅድሚ ሕዚ ንፅገና ንወፃኢ ዝኸዳ ነፈርቲ የለዋን:: ኣብዚ እየን ዝስረሓ:: ማንዋል ዝነበራ ኣውሮፕላናት ዲጂታል ኾይነን ‘የን:: እዚ ኣብዚ ማእኸል ዝስራሕ ተግባር ምዃኑ ዓብዪ ነገር ‘ዩ:: ከምኡ ‘ውን ኣብ ድስፒሊን ብዙሕ ስራሕ ተሰሪሑ ‘ዩ:: ምኽንያቱ ዲስፕሊን ሓደ መግለፂ ብቕዓት ሓይሊ ኣየር ‘ዩ:: ሰራሕተኛ ይኹን ተምሃራይ ነዚ ሕጊ ተገዛኢ ‘ዩ::

ቅድሚ ለውጢ ኣብ ቴክኒሻያናትን ኣብረርትን ብዙሓት ፀገማት ነይሮም ‘ዮም:: እኹል ቐረብ ስለ ዘይነበረ ትምህርቶም ንምክትታል ዓብዪ ፀገም ነይርዎም ‘ዩ:: ዓርሶም ንምምሕያሽ ዘኽእል ዓቕሚ ስለ ዘይነበሮም ብዙሕ ይፍተኑ ነይሮም:: ሕዚ ግና እዚ ኩሉ ታሪኽ ተቐይሩ ማእኸል ፅገና እቲ ትካል በዓል ዓብዪ ዓቕሚ ኾይኑ ኣሎ:: ኣፍቲ ማእኸል ዝኾና ዓይነት ኣውሮፕላናት ዝፅገናሉ ኩነታት ተፈጢሩ ኣሎ::

ብተወሳኺ ሓይሊ ኣየር ንዘሰልጠኖም መብረርትን ኻልኦት ሰብ ሞያን ‘ውን ኣብቲ ዕለት ኣመሪቑ ‘ዩ:: ኢትዮጵያ ንሓይሊ ኣየር፣ ምድርን ባሕርን ሓዊሱ ኣብ ኹሎም ዓውድታት ወታሃደራዊ ዓቕማ እናሃነፀት ከምትርከብ ቀዳማይ ሚኒስትርን ዋና ኣዛዚ ሓይልታት ሰራዊትን ፌዴሪኢ ኣብይ ኣሕመድ ገሊፆም ‘ዮም::

ሓንቲ ሃገር ብወታሃደራዊ ዓቕሚ ድሕንነት ህዝባ ንምሕላው ወትሃደራዊ ዓቅማ ምዕባይ ግድን ‘ዩ:: ብምዃኑ ኣብዚ ሕዚ ሰዓት ሓይሊ ኣየር ኢትዮጵያ ኣብ ትኽክለኛ ቁመና ክርከብ ተጉሩ ኣሎ። ኢትዮጵያ ንሓይሊ ኣየር፣ ምድርን ባሕርን ሓዊሱ ኣብ ኩሎም ዓውድታት ‘ውን ወታደራዊ ዓቕማ እናሃነፀት ‘ያ ትርከብ::

ተሃኒፁ ዘሎ ሓይሊ ኣየር ኣዝዩ ዘተኣማምን ‘ዩ:: ፀላኢ ንኢትዮጵያ ብዝተፈላለየ መልክዑ ንምጥቃዕ ክፍትን ከምዝኽእል ተሓሳቢ ብምግባር ‘ዩ:: ንዘጋጥም ፀላኢ ብብቕዓት ንምምካትን ዘተኣማምን ስጉምቲ ‘ውን ንምውሳድ ዘኽእልን ድልውነት ኣድላዪ ምዃኑ ተሓሳቢ ብምግባር ተሃኒፁ ኣሎ::

ኢትዮጵያ ኣብዚ ሕዚ እዋን ጥንኩር ስልጠና ተዋጋእቲ ኣብ ውሽጢ ሃገርን ወፃእን ብምሃብ ህይወት ከፊሎም ዓወት ብምፍፃም ንሃገር ዘድሕኑን ዘሐብኑን “ኤሊት ፎርስን” ጥምረት ሓይሊ ኣየርን ምፍጣራ ኣዝዩ ዘሐብን ስራሕ ‘ዩ::

ኣዝዩ ዝሰልጠነን ብቐሊሉ ክዕወት ዝኽእልማለት ነዚ ዘመን ዝምጥን ስራሕ ተሰሪሑ ‘ዩ::

ኣሜሪካ፣ ስዊድን፣ ፈረንሳይ፣ ጀርመን፣ ሩስያ፣ ቼክ ሪፐብሊክ፣ ቱርክ፣ ስዑዲ ዓረብያ፣ ሊብያን ሕቡራት ዓረብ ኤምሬትን ሓይሊ ኣየር ኢትዮጵያ ሕዚ ናብ ዝበፅሖ ደረጃ ንክበፅሕ ዘይነዓቅ ኣስተዋፅኦ ገይሮም ‘ዮም:: ብምዃኑ ኢትዮጵያ ኣመስጊና ‘ያ::

ብሓፈሻ ሕዚ ተሃኒፁ ዘሎ ሓይሊ ኣየር ስርዓት ብዝተቐየረ ቁፅሪ ዘይፈርስ፣ ዘተኣማምንን ዘላቕን ‘ዩ:: ሓይሊ ኣየር ኢትዮጵያ ብቴክኖሎጂ፣ ብዕጥቂ፣ ብሓይሊ ሰብን ብኣሰራርሓን ዝዘመነ ‘ዩ:: እቲ ሰራዊት ካብ ዓሌታውነትን ፖለቲካዊ ኣተሓሳስባን ወፂኡ ፍቕሪ ሃገር ዘለዎን መንፈስ ሓርበኝነት ዝተላበሰን ንክኸውን ተገይሩ ዩ::

ብፍላይ ነቲ ሃገራዊ ለውጢ ስዒቡ ብዙሓት ስራሕቲ ሪፎርም ብምስርሑ ስርዓት ብዝተቐየረ ቁፅሪ ዝፈርስ ዘይኾነስ ዘተኣማምንን ዘላቕን ‘ዩ:: ብቴክኖሎጂ፣ ብዕጥቂ፣ ብሓይሊ ሰብን ኣሰራርሓን ብምዝማን ዘተኣማምንን ሓበን ሃገር ዝኾነን ትካል ምህናፅ ተኻኢሉ ‘ዩ::


# ወጋሕታ

3 ሕዳር 2013 ዓ.ም ተመስሪታ

**ዋና ስራሕ ፈፃሚ ትካል ፕረስ ኢትዮጵያ**
ቑፅሪ ስልኪ - 011-126-42-22
ኢሜል :- epa@press.et

**ዋና ኣሰናዳኢ**
ፍቃዱ ሞላ

**ኣድራሻ**
የካ ክ/ከ
ወረዳ 14
ቑፅሪ ገዛ 520/20
ኢሜይል - fekadumola@press.et
ቑፅሪ ስልኪ - 011-1-56-98-75

**ኣሰናዳእቲ**
ማዕረግ ገ/ሄር
መሰረት ገ/ዮሃንስ
ኣብርሃ ሓጎስ

**ዘፈር ልምዓትን ዕዳጋን ፕሮሞሽን**
ኢሜይል - epapromotion@press.et
ቑፅሪ ስልኪ - 011-126-43-41
ፋክስ - 011-811-13-15

**ክፍሊ መቐበሊ ምልላይ**
ቑፅሪ ስልኪ - 011-156-98-73
ፋክስ - 011-126-58-12

**መተሓባበሪ ምልላይ ዕዳጋ**
ቑፅሪ ስልኪ - 011-1-26-43-39

**መከፋፈሊ**
ቑፅሪ ስልኪ - 011-157-02-70


# ናፃ ሓሳብ

እዚ ዓምዲ ኣብ ዝተፈላለዩ ፖለቲካዊ፣ ኢኮኖሚያዊን ማሕበራዊን ጉዳያት ዜጋታት ናፃ ሓሳቦም ዝህብሉ እዩ:: ኣብዚ ዓምዲ ዝወፅኡ ፅሑፋት ናይ ክፍሊ ምስንዳእ ቀዋሚ ኣይኮኑን::

## ሕቶ በሪ ባሕሪ ኢትዮጵያ ጉዳይ ፖለቲካ ወይስ ጉዳይ ህልውና?

**መኣርግ ገ/ሄር**

ሃገርና ኢትዮጵያ ብዝተፈላለዩ ናይ ታሪኽ ኣጋጣሚታት ካብ ወናኒት በሪ ባሕሪ እናተነፀለት መፂኣ ‘ያ:: በሪ ባሕሪ ብዘይምህላዋ ድማ ኣብ ዓመት ከም ሃገር ኣስታት 1 ነጥቢ 6 ቢልዮን ዶላር ንበሪ ባሕሪ ወፃኢ ትገብር:: በሪ ባሕሪ እንተዝህልዋ ነይሩ ካብቲ ዘለቶ ዕቤት ንላዕሊ ከትስጉም ንኽኣለት ነይራ:: ምኽንያቱ በሪ ባሕሪ ንኢትዮጵያ ቁልፊ ጉዳይ ‘ዩ:: ጉዳይ በሪ ባሕሪ ንኢትዮጵያ ናይ ኢኮኖሚ ጉዳይ ጥራሕ ኣይኮነን፤ ጉዳይ ህልውና፣ ሰላምን ፀጥታን ‘ውን ‘ዩ:: ብፍላይ ናብቲ ከባቢ ኣዝያ ዝቐረበት ብምዃና ኣብቲ ከባቢ ዘጋጥም ኩነታት ሰላምን ፀጥታን ኣይምልከተንን ኢላ ኢዳን እግራን ኣጣሚራ ስኽ ከትብል ኣይትኽእልን:: ምኽንያቱ ኣዝዩ ዝፀልዋ ጉዳይ ‘ዩ::

ምስእዚ ተተሓሒዙ በሪ ባሕሪ ንኢትዮጵያ ዘለዎ ኣገዳስነት ቐዳማይ ሚኒስትር ኣብይ ኣሕመድ ብተደጋጋሚ እናገለፅዎ መፂኦም ‘ዮም:: ጉዳይ ህልውና እምበር ጉዳይ ፖለቲካ ከምዘይኮነ ካልኦት ሙሁራት ‘ውን እናገለፅዎ ‘ዮም ዝርከቡ:: እዚ ናይ ሃገር ኣጀንዳ ብምዃኑ ምስ እዚ ተተሓሒዙ ብዙሓት ኣካላት ርኢተኦም እናገለፁ ‘ውን ይርከቡ:: ኣነ ‘ውን ከም ሓደ ዜጋ ኣብዚ ጉዳይ እዚ ሓሳበይ ክገልፅ እደሊ:: ሕቶ በሪ ባሕሪ ክለዓል እንተኾይኑ ብዙሕ ነገራት ዘለዎ ‘ዩ፤ በሪ ባሕሪ ንኢትዮጵያ ናይ ህልውና ጉዳይ እኳ እንተኾነ ኣዝዩ ብጥንቓቐ ክተሓዝ ዘለዎ ጉዳይ ‘ዩ:: ኢትዮጵያ በቲ ጀሚራቶ ዘላ ዲፕሎማስያዊ ኣካይዳ ከትኸይድ ኣለዋ:: ሕቶ ወደብ ባሕሪ ብምልዓላ ኣብ መንጎ ህዝቢታት እቲ ዞባ ግጭት ዘልዕል ክኸውን ኣይኽእልን:: ብዛዕባ በሪ ባሕሪ ክለዓል እንተሎ ሓደ ሓደ ኣካላት ቐጥታ ምስ ኩናት ዘተሓሕዝዎ ኣለዉ ‘ዮም:: ኮይኑ ግና እዚ ሕቶ መሰል እምበር ኩናት ንምፍጣር ኣይኮነን:: ምስ ናይ ካልኦት ሃገራት ልኣላውነት ዘራኽብ ጉዳይ የብሉን::

> **ምስእዚ ተተሓሒዙ በሪ ባሕሪ ንኢትዮጵያ ዘለዎ ኣገዳስነት ቐዳማይ ሚኒስትር ኣብይ ኣሕመድ ብተደጋጋሚ እናገለፅዎ መፂኦም ‘ዮም:: ጉዳይ ህልውና እምበር ጉዳይ ፖለቲካ ከምዘይኮነ ካልኦት ሙሁራት ‘ውን እናገለፅዎ ‘ዮም ዝርከቡ**

እዚ ሕቶ እዚ ኣብዝኾነ እዋን ክለዓል ዝኽእል ጉዳይ ‘ዩ:: ምኽንያቱ ጉዳይ ኢኮኖሚ፣ ድሕንነትን ህልውናን ‘ዩ:: እዚ ናይ ህልውና ጉዳይ ስለ ዝኾነ ሓቢርካ ምጥቃም የድሊ:: ቀዳማይ ሚኒስትር ኣቢይ ዘልዐልዎ ሓሳብ ኣሎ፣ ምትሕግጋዝን ወይ ሂብላ ምቅባልን ዝብል መትከል ዝተኸተለ ዝብል ሓሳብ:: እዚ ፅቡቕ ሓሳብ ‘ዩ:: ክኸውን ዘለዎ ‘ውን ንሱ ‘ዩ:: ብምትሕግጋዝን ብምርድዳእን ክኸውን ኣለዎ:: በሪ ባሕሪ ንኢትዮጵያ ኣዝዩ ወሳኒ ‘ዩ:: ኮይኑ ግና ብሰላምን ዲፕሎማስን ከምኡ ‘ውን ኣለምለኽ ሕግን ዝተኸተለ ክኸውን ኣለዎ:: በሪ ባሕሪ ብሓባር ብምልማዕ ብሓባር ምጥቃም ዝሓሸ መማረፂ ‘ዩ:: ኣብቲ ዞባ ዝርከባ ሃገራት ክዓብያ ዝኽእላ ሓቢረን ዓልሚዐን ብምጥቃም ‘ዩ:: ነቲ ባሕሪ በሓር ምጥቃም ኢኮኖሚያዊ፣ ፖለቲካዊን ማሕበራውን ዘለዎ ረብሓ ልዑል ‘ዩ:: ብተናፀል ተሞኪሩ ክዓብያ ኣይከኣላን:: ክዓብያ ዝኽእላ ብተናፀል እንተይኾናስ ተረዳዲአን ብሓባር ብምጥቃም ‘የን:: ብተናፀል ክዓብያ ኣይኽእላን:: ብሓባር ምጥቃም፣ ዞባዊ ምትእስሳር ብፍጣር ሓቢርካ ንምዕባይ ዕዙዝ ኣስተዋፅኦ ኣለዎ:: ንሰላምን ፀጥታን እቲ ኸባቢ ‘ውን ዝጠቅም ‘ዩ:: ምኽንያቱ ኣብቲ ከባቢ ዘይምርግጋፅ እንተተፈጢሩ ጉድኣቱ ንኹሉ እቲ ከባቢ ‘ዩ:: በሪ ባሕሪ በሓር ብምልማዕ፣ ሰላሙ ብሓባር ብምሕላውን ብምጥቃም ምዕባይ ዝሓሸ መማረፂ ‘ዩ::

ኮይኑ ግና ቅድሚ ኩሉ ኣብ መንጎና ሰላምን ሓድነትን ክህሉ ኣለዎ:: እዚ ጉዳይ እዚ ናይ ህዝቢ ጉዳይ ‘ዩ:: ጥቕሙ ንህዝቢ እምበር ንፓርቲ ጥራሕ ኣይኮነን:: ጉዳይ በሪ ባሕሪ ኣስፍሒኻ ዝረአ ጉዳይ ‘ዩ፤ ብቐሊሉ ዝረአ ጉዳይ ኣይኮነን:: ብዙሕ ረብሓ ዘለዎ ጉዳይ ‘ዩ:: ህዝቢ ኢትዮጵያ ህልውንኡ ምስ በሪ ባሕሪ ዝተኣሳሰረ ‘ዩ:: ኢትዮጵያ ወናኒት በሪ ባሕሪ እንተኾይና ነቲ ካብ እዋን ናብ እዋን እናወሰኸ ንዝመፅእ ናህሪ ዋጋ ካብ ምቕራፍ ሓሊፉ ዘላቒ ልምዓት ንምርግጋፅ ዘኽእል ኩነታት ዝፈጥር ‘ዩ:: ኣብ ቐፃሊ እዋናት እናወሰኸ ንዝመፅእ ምኽባር ናብራ ብዘላቕነት ንምፍታሕ በሪ ባሕሪ ኣገዳሲ ‘ዩ:: ወደብ ተኻራዩ ምዃን ክንድ’ቲ ዝድለይ መጠን ፍርያት ናብ ውሽጢ ሃገር ንኸይኣትዉ ካብ ምግባር ብተወሳኺ ንኽራይ ዝኽፈል ዝለዓለ ሸርፊ ወፃኢ ናብቲ ኢኮኖሚ ሃገር እንተዝኣትው ንሃገራዊ ዕብየት ዝህልዎ ግደ ዓብዩ ‘ዩ:: ወደብ ኣልቦነት ኣብ ኻልኦት ስራሕቲ ኢንቨስትመንትን ድኽነት ምንካይን ክውዕል ዝኽእል ሃፍቲ ሃገርና ንኽራይ ወደብ እናወዓለ ምኽባር ናብራ ንኽበኣኣስ ኣበርክቶ እናገበረ ‘ዩ:: ብተመሳሳሊ መልክዑ ፍርያታት ናብ ዕዳጋ ወፃኢ እንትለኣኹ ኽራይ ወደብ ኣብ መሸጣ እቶም ፍርያት ኣብ ዝውሰኽሉ ግዜ እቶም ፍርያታት ኣብ ዓለም ለኸ ዕዳጋ ተወዳደርቲ ንከይኾኑ ፅዕንቶ ክሕድር ይኽእል ዩ::

ጎረባብቲ ሃገራት፣ ኢትዮጵያ ንዘቕረበቶ መትከል ሂብካ ምቕባል ሓሳብ ተቐቢለን ክተሓጋገዛ ኣለዎን:: በዚ ‘ውን ሃገራት ብሓባር ምስራሕን ምልማዕን እንትጅምራ ካብ ኢኮኖሚያዊ ረብሕኡ ብተወሳኺ ነቲ ዞባ ፖለቲካዊ ምርግጋፅ ዝፈጥረሉ ‘ዩ:: ኣብ መንጎ ሃገራት ሃፍቲ ብሓባር ምጥቃምን ሓቢርካ ምስራሕን ኣብ ኢኮኖሚያዊ፣ ፖለቲካዊን ማሕበራዊን ተደጋጊፍካ ንምዕባይ ክጠቅም ይኽእል ‘ዩ::

ጉዳይ በሪ ባሕሪ ንፖለቲካ መኽሰብ ዝውዕል ኣይኮነን፤ ምስ ፖለቲካ ዘራኽብ ‘ውን የብሉን:: እዚ ምስ ህልውና ሃገር ዝተሓሓዝ ዓብዪ ጉዳይ ‘ዩ፤ ብምዃኑ ብደንቢ ክስረሐሉ ዝግባእ ጉዳይ ስለዝኾነ ኩሉ ጠመተ ክህቦ ይግባእ:: እዚ ኣጀንዳ እዚ ኣጀንዳ ቐፃሊ ወለዶ ‘ውን ‘ዩ:: ምኽንያቱ እዚ ጉዳይ ብዓይኒ ፖለቲካ ዝረአ ጉዳይ ኣይኮነን:: ጉዳይ ህልውና ‘ዩ:: ጉዳይ ኢኮኖሚ፣ ማሕበራዊ፣ ሰላምን ፀጥታን ‘ዩ:: ምስ ሰላምን ፀጥታን ተተሓሒዞም ኣብቲ ካባቢ ምስ ዝለዓሉ ጉዳያት ንኢትዮጵያ ኣዝዩ ዝፀልዋ ‘ዩ:: ስለዚ እዚ ምስ ናይ ኢትዮጵያ ህልውና ዝተኣሳሰረ እምበር ምስ ናይ ፓርቲ ፖለቲካ ዝተኣሳሰር ኣይኮነን::

እቲ ዝተጀመረ ፍትሓዊ ምንቅስቓስ ነዊሕ እዋን ዝውድእ እንተኾነ ‘ውን ኣብ ጫፍ ንክበፅሕ ኣብ ፖለቲካዊ፣ ኢኮኖሚያዊን ኻልኦት ዘፈራትን ዝርከቡ መዳርግቲ ኣካላት ተሳቲፎምሉ ዝሓሹ መማረፅታት ብምምፃእ ኢትዮጵያ ወደብ ናይ ምርካብ ተስፍኣ ጋህዲ ክኸውን ይግባእ። ኣብቲ ከባቢ ዝርከባ ሃገራት በሪ ባሕሪ ብሓባር ብምጥቃም ዞባዊ ምትእስሳር እንተፈጢረን ኣብ ሓባራዊ ልምዓትን ዕብየትን ከምኡ ‘ውን ንሰላምን ድሕንነትን እቲ ከባቢ ኣወንታዊ ኣበርክቶ ኣለዎ::

# እዋናዊ ዛዕባ

## “ኣውሮፕላን ናብ ኢትዮጵያ ካብ ዝኣትው ጀሚሩ ካብ መንግስቲ ናብ መንግስቲ ምስ ውፃእ ውረዱ ተሻጊሩ ኣብዚ በፂሑ ኣሎ”

- ሌተናል ጀኔራል ይልማ መርዳሳ፣
ዋና ኣዛዚ ሓይሊ ኣየር ኢትዮጵያ

ኣብርሃ ሓጎስ

መበል 88 በዓል ምስረታ ሓይሊ ኣየር ኢትዮጵያ ምኽንያት ብምግባር ናይ ሎሚ እዋናዊ ዓምድና ምስ ናይቲ ትካል ዋና ኣዛዚ ዝኾኑ ሌተናል ጀኔራል ይልማ መርዳሳ ካብ ዝተገበረ ቃለ መሕትት ዝተወሰነ ክፋሉ ከምዚ ዝስዕብ ቀሪቡ ኣሎ።

**ሕቶ:- ሓይሊ ኣየር ኢትዮጵያ ካብ ዝምስረት ናብ 88 ዓመታትን ኣቑፂሩ ኣሎ። ኣብ ዝሓለፉ ናይ 88 ዓመታት ጉዕዞ እንታይ ይመስል?**

**ሌተናል ጀኔራል ይልማ፡-** ናብ ኢትዮጵያ ውሺጢ ኣውሮፕላን ዝኣተወት ቅድሚ 88 ዓመት ‘ዩ። ሓደ ሓደ ሃገራት ኣውሮፕላን እንታይ ከምዝመስል ኣብ ዘይፈልጥሉ እዋን ኣንሕና ግና ኣውሮፕላን ተዓጢቅና ነይርና። ንፈለማ እዋን ኣብ ኢትዮጵያ ኣውሮፕላን ዝዓረፈት ነሓሰ 12 1921 ዓ.ም ዩ። ብድሕሪኡ ዝተፈላለዩ ኩነታት ነይሮም ‘ዮም።

እታ ናይ መፈልምታ ኣውሮፕላን ምስ መፅኣት ፖስታን ሰበ ስልጣንን ናይ ምምልላስ ስራሕ ካብ ምስራሕ ብተወሳኺ ኣብ ውግእ ‘ውን ተሳትፎ ነይርዋ ‘ዩ። ኣብ ሞንጎ ራስ ጉግሳ ወሌን ኣብቶም ንጉስን ዝነበረ ምጭቅጫቅ፤ ወረቀት ኣብ ምብታንን ቦንቢ ኣብ ምድርባይን ስራሕቲ ፈፂማ ‘ያ።

ብድሕሪኡ ብምኽንያት ወራር ጣልያን ዝኣተወ ዕጥቂ ሓይሊ ኣየር ብሙሉኡ ኣብ መሬት እናሃለወ ዓንዩ ‘ዩ። ድሕሪ ወራር ድማ እቲ ሓይሊ ኣየር ከም ብሓዱሽ ናይምምሕያሽ ስራሕ ብሓገዝ መንግስታት ስዊድንን ኣመሪካን ተሰሪሑ ‘ዩ።

ኣብ ዘመን ንጉስ ዝነበረ ሓይሊ ኣየር፤ ብፍላይ ናብ ናይ ምዕራባውያን ዕጥቂ ዘዘንበለን ምስ ምዕራባውያን ዝራኸቡ ዕጥቅታት ዝተዓጠቀ ነይሩ። ኣብዚ እዋን ብጣዕሚ ዓብዪ ገድልታት ተፈፂሙ ‘ዩ። ናይ መፈለምታ ኣብ ኦጋዴን ንሶማሌ ወራሪ ዘፈሸሎ እዚ ትካል ‘ዩ።

መንግስቲ ደርጊ ናብ ስልጣን እንትመፅእ ለውጢ ርእዮተ ኣለም መፂኡ። ምዕራባውያን ኣብ ጎኒ ሶማልያ ኮይኖም ምድጋፍ ምጅማሮምን ኣንሕና ዝሓተትናዮም ዕጥቅታት ንምሃብ ፍቓደኛ ብዘይምዃኖም፤ መንግስቲ ደርጊ ናብ ምብራቕ፤ ናብ ሶሻል ሕብረት ዘይሩ ብዙሕ ዕጥቅታት ከም ሚግ ዒስራን ሓደን፣ ሚግ ዒስራን ሰለስተን ራዳራት ምዕጣቅ ተኻኢሉ። እዚ ብ1969ዓ.ምን ብ1970ን ዝነበረ ወራር ሶማልያ ምምላስ ዘኽአለ ‘ዩ።

ኣብቲ እዋን ኣብ ድሬዳዋ ናይ ኣየር መዕረፊ ክልል (ኤር ቤዝ) ኢልና ክሳብ ዝመስረትናዮ ቦታ ናይ ሶማልያ ታንክታት ኣፍጫ በፂሐን ነይረን። ንዕኣን ካብ ኣየር ናብ መሬት ብምቱካስ እቲ ውግእ ክንምልሶ ዝኸኣልና በዚ ይካል ‘ዩ። ከምዝፍለጥ ኣብ ዘመን ደርጊ ምስ ኤርትራን ወያነን ነኒ ባዕልና ኣብ ጦርነት ነይርና። በቲ ጦርነት ደርጊ እንትወድቅ ትካል ሙሉእ ንሙሉእ ፈሪሱ።

ግንቦት 1983 ዓ.ም በረርቲ በቢዝረኸብዎ ኣጋጣሚ ተበቲኖም። ናብ ኬንያ፣ ዑጋንዳ፣ ጅቡቲ፣ ሶማሊያ፣ ሱዳንን የመንን ተበቲኖም። ሰብን ዕጥቅታትናን ብኡ መጠን ተበቲኖም ‘ዮም። ካብኡ ድሕሪ ሓደ ዓመት ብዝተኸኣለ መጠን መሊሱ ናይ ምስብሳብ ስራሕ ተሰሪሑ። ስልጠናታትና ንምክያድ ሙከራ እናተጀመረ እናሃለወ ናይ ኢትዮ ኤርትራ ጦርነት መፂኡ።

ኣብ ኢትዮ ኤርትራ ጦርነት እታ ሃገርን ‘ቶም ዝነበሩ መራሕትን ካብ ድቃሶም ተበራቢሮም ‹‹እዚ ነገር የድሊ ድዩ ›› /ሓይሊ ኣየር / ኢሎም ንክሓስቡ ዕድል ዝፈጠረ ነይሩ። ሐዚ እንሪኦም ዝተወሰኑ ዕጥቅታት ከምብሓዱሽ ዝኣተው ሽው እዋን ‘ዩ ነይሩ። እዚ ትካል ኣብ ኢትዮ ኤርትራ ጦርነት ልዑል ግደ ንክፃወት ዝገብሩ እዞም ዕጥቅታት ‘ዮም። ካሊእ ተሪፉ ቅድሚኡ እቲ ትካል ኣልሸባብ ኣብ ልዕሊ ኢትዮጵያ ጅሃድ ኣብ ዝኣወጀሉ እዋን ልዑል ጀግንነት ዝፈፀመ ትካል ‘ዩ።

ብፍላይ ካብ 2000 ዓ.ም ናብዚ ህንፀት ናይቲ ትካል ናብ ቁልቁል ዝኸደሉ ኩነታት ተፈጢሩ ነይሩ። ብድሕሪኡ ድማ እቲ ናይ ለውጢ መንግስቲ ብዝሃቦ ትኹረት እቲ ሓይሊ ኣየረ ብሰብ ሓይሊ፤ ብዕጥቂ፤ በመሰረተ ልምዓት ዓርሱ እናሃነፀ ‘ዩ። ብሓፂሩ ኣውሮፕላን ናብ ኢትዮጵያ ውሽጢ ካብ ዝኣትው ጀሚሩ ብዙሕ ታሪኻት ኣለው። ካብ መንግሥቲ መንግሥቲ ምስ ውፃእ ውረዱ ተሻጊሩ ኣብዚ በፂሑ ኣሎ ማለት ይከኣል።

**ሕቶ:- ጦርነት ብሩሑቕ ንክትርፍ ከምኡ ”ውን ብመንፅር ሓለዋ ክልል ኣየር ኢትዮጵያ ዘተኣማምን ሙኻን ሓይሊ ኣየር ኢትዮጵያ ኣብ ምንታይ ቁመና ይርከብ?**

**ሌተናል ጀነራል ይልማ፡-** ጥንኩር ሓይሊ፤ ጥንኩር ሓይሊ ኣየር፣ ጥንኩር መከላኸሊ፣ ጥንኩር ሓይሊ ምድሪን ዝትሃንፅ ዘላ ብሰላም ንምፅናሕ ‘ዩ። ኣንሕና እንሃንፆ ብሰላም ንምፅናሕ ‘ዩ። እዚ ብኸመይ ኢኻ ተረጋግፆ ንዝብል፡-

ቀዳማይ ዓቅምኻ ሪኡ ‘ዩ ሰብ መፂኡ ዝደራደረካ። ስለዝኾነ ዝሰልጠነ ሓይሊ ሰብ እንተሃልዩ፣ ቴክኖሎጂን ክሽከም ዝኽእል፣ ታርጌታት /ዒላማታት/ ብደንቢ ከይሰሓተ ምውቃዕ ዝኽእል በራሪ እንተሃልዩ፣ ነዚ ኣውሮፕላን ብልዑል ብርኪ ዝፅግን፣ ዝቅይር፣ ዘኽእል ሓይሊ ሰብ እንተሃልዩ፣ ብሓፈሻ ጥንኩር ዲስፕሊን ዘለዎ ሓይሊ ሰብ እንተሃኒፅካ፣ ምስ ሓይሊ ሰብ ድማ ነቲ ዘመን ዝምጥን ዕጥቂ እንተሃልዩ፣ ነዚ ዕጥቂ ድማ ዝምጥን መሠረታዊ ልምዓት እንተሃልዩ ዝኾነ ይኹን ትልዕል ኢሉ ኣይሓስበካን።

ሐዚ ብዘሎ ኩነታት ተዋጋእቲ ኣውሮፕላናት ፅቡቅ እየን ዘለዋ። ትራንስፖርት ኣውሮፕላናትና ፅቡቅ እየን፤ ድሮን ተዓጢቅና ኢና፣ ናይ ሳይቨር ዓቅምና ፅቡቅ ‘ዩ። እዚኦም ኩሎም እናሃነፅና ኢና ዘለና። እዚ ድማ ኣብዚ ደው ዝብል ማለት ኣይኮነን። ምኽንያቱ ነገራት ስለዝቀያየሩ።

ካሊእ ድማ ናይ ነዊሕ ዓመት ዕዳ እናኸፈልና ኢና ዘለና፤ ዕዳ ኢና እነወራርድ ዘለና። ሐዚ ‘ውን ሐዚ ክንኾኖ እንግባእ ቦታ ኣይኮናን ዘለና። ሐዚ ብዘሎ ብርኪ ዓቅምና ፅቡቅ ‘ዩ ምባል ይከኣል።

ሐዚ ብሰራዊትና፣ ብመንግስትን ብኣናን ብዝተሰርሐ ስራሕ ፅቡቅ ምምሕያሽ ኣሎ። ንዝኾነ ዝሕሰብ ነገር መልሲ ምሃብ ይከኣል ‘ዩ። ሓለዋ ክልል ኣየርና 24/7 ‘ዩ። 24/7 ዓይንና፣ ኣየር ክልልና እናሓለውና ኢና። ስለዝኾነ እዚ እንትሕሰብ ብጣዕሚ ኣብ ፅቡቅ ብርኪ በፂሑ ማለት ይከኣል ‘ዩ።

**ሕቶ:- ልምምዳት ትርኢት ኣየር እናተገበሩ ከምዝኾነ ንርኢ ኣለና። ኣብ ልምምዳት ትርኢት ኣየር ናይ ሕቡራት ዓረብ ኤምሬት ኣውሮፕላናት ዝሓወሰ ከምዝነበረ ኢና ርኢና። ሐዚ ሓይሊ ኣየር ኢትዮጵያ ምስ ሕቡራት ዓረብ ኤምሬት ብሙኻን እናተገበረ ዘሎ ትርኢት ልምምድ ኣየር እንታይ ማለት እዩ?**

**ሌተናል ጀነራል ይልማ መርዳሳ :-** እዚ መበገሲ ናይ ክልቲኣን ሃገራትን ናይ ክልቲኣን መራሕቲ ሃገራት ዘሎ ውፅኢት ርክብ ዲፕሎማሲ ‘ዩ። ሐዚ ብብርኪ ዲፕሎማሲ ምስ ሕቡራት ዓረብ ኤምሬት ዘሎ ርክብ ብልዑል ብርኪ ዓብዩ ናብ ብርኪ ኣሕዋት ሃገራት ዝበፅሐሉ ኩነታት ‘ዩ ዘሎ። ኣብ ልዕሊ ብዙሓት ዛዕባታት ስምምነት ገይርና ኢና።

ካብ ዲፕማሲ፣ ፖለቲካዊ፣ ኢኮኖሚያዊ ስምምዕነት ብዝሓለፈ ወታደራዊ ስምምነታት ‘ውን ገይርና ኢና። ብተወሳኺ ሓይሊ ኣየር ንሓይሊ ኣየር በጣዕሚ ብዙሓት ርክባት ኣለውና። ብዝተፈላለዩ ስልጠናን ልምምዳትን ‘ውን ንዓና ይዕድሙና ‘ዮም። ኣንሕና ‘ውን ኺይድና ንሳተፍ ኢና።

ኣብዚ ቀፃልነት ዘለዎ ንምኽባር መበል 88 መዓልቲ ሓይሊ ኣየር እንትንሓስብ ንምንታይ እቶም ብጣዕሚ ዝቀርባና ፈተውቲ ሃገራት ዘይንዕድሞም ኢልና ሕቶ ኣቕሪናሎም። ንሶም ‘ውን ኣይተወላወሉን። ኣይተወላወሉን ክንብል ከለና መጀመርትኡ ‘ውን እቲ ዝነበረ ዓቅምና ይፈልጡ ነይሮም ‘ዮም። ብፍላይ ድማ እቲ ዘሎ ልማት መሰረት፤ ኣውሮፕላናትና ምትእንጋድ ምኽኣል ሓደ ዓቅሚ ‘ዩ። ንሶም ‘ውን ንዕኡ ስለዝረኣዩ፣ ስለዝፈለጡ። ካልኣይ ድማ ኩነታት ፀባይ ኣየር ኢትዮጵያ ብጣዕሚ ምችው ብምዃኑ ‘ውን ዕድመና ተቀቢሎም።

ዕድመ ምቅባል ጥራሕ ዘይኮነስ ሐዚ ኣብ “ኤር ሾው” ኣብ /ኣየር ትርኢት/ ንምስታፍ ዘለዎም ዓቅሚ ብሙሉኡ ካብ ሃገሮም ሒዞም መፂኦም። ሐዚ ሓቢርና ልምምድ እናገበርና ኢና ዘለና። ትርኢት ‘ውን ብሓባር ኮይንና ክንገብር ኢና።

እዚ እንታይ ማለት ‘ዩ ናይ ክልቲኣን ሃገራት ብርኪ ርክብ ኣብ ልዑል ብርኪ ዝበፅሐ ምዃኑ ዘርኢ ‘ዩ። ብዙሕ ግዘ ሃገራት ዘለወን ወታደራዊ ዓቅም ሓደ ንካልእ ኣየርእይን። ባዕሊ ንባዕሎም ስለዝጠራጠሩ። ብኦም ብርኪ ግና ኣንሕና ኣሕዋት ዝኾነ ርክብ ስለዘለና ዘለዎም ኽእለት ሓቢርካ ናይ ምጥቃምን ሓቢርካ ናይ ምልምማድ፣ ልምዲ ልውውጥ ኣየር ትርኢት ንምግባር ንሰርሕ ኢና፤ ኣብ ዘራባና ስልጠናታትና እናተቀያየርና ኢና። ነሃትና ናብኡ ኺይዶም ዝስልጥኑሉ፣ ናሃቶም ‘ውን ኣብዚ መፂኦም ዝስልጥኑሉ ኩነታት ኣሎ።

ስለዝኾነ እዚ ናይ ዲፕሎማሲ ውፅኢት ኮይኑ ሐዚ ናብ ትካላዊት ወታደራዊ፣ መከላኸሊ ፣ ሃይሊ ኣየር ወሪዱ በዚ ብርኪ እናሰራሕና ኢና። በዚ ወገን ንሶም ‘ውን ብጣዕሚ ሕጉሳት ‘ዮም፤ ኣንሕና ብጣዕሚ ሕጉሳት ኢና።

**ሕቶ:- ኢትዮጵያ ካብ ዘላቶ ናይ ጂኦፖለቲካ ኣቀማመጣ ናይ ትኹረት ነጥቢ ”ያ። ብሕንፃር ናይቲ ቀጣና ኣድላይነትን ስትራቴጂክነት ሓይሊ ኣየር ኢትዮጵያ እንታይ ዓይነት ተወዳዳሪነትን ብቅዓት ኣለዎ? ጥቅሚ ኢትዮጵያ ካብ ምኽባር ሕንፃር እንታይ ዓይነት ምድላውነት ይግበር ኣሎ?**

**ሌተናል ጀነራል ይልማ መርዳሳ:-** ኣብ ከባብና፣ ብኹሉ ከባቢ ትርምስ ዝበዝሖ፣ ብጂኦፖለቲካ ርግፀኛነት ምዃን ዘይከኣለሉ፣ መዓዝ እንታይ ይኸውን ዘይበሃለሉ ‘ዩ። ሐዚ እናሃነፅናዮ ዘለና ዓቅሚ ‘ውን ነዚ ተመጣጥኒ ይኸውን ኢና ንብል። ብምብራቅ ይምፃእ፣ ብምዕራብ ይምፃእ ከመይ ገይርና መልሲ ምሃብ ንኽእል ዝብል ‘ዩ እምበር ሱቅ ኢልካ ኣውሮፕላን ምእካብ ኣይኮነን።

ንኣብነት ሐዚ ብምዕራብ ዝኾነ ፀገም እንተተፈጢሩ ከመይ ገይርና ኢና ኣብ ምዕራብ እንዋጋእ ዝብል ናይ ውግእ ዓውዲ ሓሳብ ክህልወና። ካብ መሬት፣ ልምዓት መሰረት፣ ካብ ኣየሩ፣ ካብ ርሕቀቱን ከመይ ገይርና ኢና ክንዋጋእ ዝብል ሓሳብ ብምብራቅ?

ብምብራቅ ድማ እቲ መሬት ዝተፈለየ ‘ዩ። መሰረተ ልምዓቱ ‘ውን ዝፍለይ ‘ዩ። ብዙሕ ሓገራት ዘለውኦ ቦታ ‘ዩ። ናይ ባሕሪ ሽፍትነት ኣሎ። ኣንሕና ድማ ብሄራዊ ድልየት ኣለና። ኩሉ ዕጥቅታትና ኣብ ዝኣትውዎ ባሕሪ ናይ ባዕልና ድልየት ኣለና። ብሰሜን ድማ ካሊእ ነገር ኣሎ። መሬቱ ዝተፈለየ ‘ዩ። ሓይሊ ክትሃንፅ ከለኻ ነዚ ኹሉ ተሓሳቢ ኢኻ ትገብር።

ስትራቴጂክ ቲንኪንግ /ናይ ቅድሚት ራእይ/ ትልሚ ‘ዩ። ኣበይ ከባቢ መሠረተ ልምዓት ይህልው? ንክንደይ ዝኣክል እዋን ንጥቀመሉ ንኽእል? ነየናይ እዋን እንታይ ዓይነት ዕጥቂ ይህልወና? እንታይ ዓይነት ሓይሊ ሰብኸ ይህልወና? ኢልና ክንሓስብ ይግብኣና። ኣብ ዘረባና ሓደ ነሃትና ተልእኾ ኣብ ዝኾነ እዋን ይኹን ናይ ኣየር ክልላትና መከልኻል ‘ዩ። ኹሉ ነገር እንሓስቦ ነዚ ተሓታሳቢ ብዝገበረ ምክዕ ‘ዩ፤ ኣብቲ መሠረተ ልምዓት ኣብ ሓይሊ ሰብን ብዕጥቅን ብቴክኖሎጂን ነዚ እናሓሰብና ኢና እንሃንፆ።

**ሕቶ:- ሓይሊ ኣየር ኢትዮጵያ ኽልል ኣየር የኢትዮጵያ ብዘተኣማምን ኩነታት ካብ ምሕላው ዝሓለፈ ኣብቲ ቀጣናዊ ከምኡ ”ውን ኣብ ካልኦት ዓለምለኸ ተልእኾታት ምኽባር ሰላም ዘለዎ ግደ እንታይ እዩ?**

**ሌተናል ጄኔራል ይልማ፡-** ኣብ ዘረባና ሐዚ ኣይኮነን ሓይሊ ኣየር ምኽባር ሰላም ዝጀመረ። ናይ መፈለምታ ብ1960 ኮንጎ ኣብ ውሽጢ ሓፂር እዋን ተዋጋኢ ኣውሮፕላናት ሒዝና ኺይድና ተሳቲፍና ኢና። እቲ ታሪኽ።

ብትኽክል ተፃሒፉ ተሰኒዱ ‘ዩ፡፡ እሱ ጥራሕ ኣይኮነን ኣብ 60ታት ናይ ታንዛንያ ክልል ኣየር ሓሊና ኢና፡፡ ኣብቲ እዋን ናይ ታንዛኒያ ክልል ኣየር ዝሕልው ዝነበሩ ብርጋዴር

“ኣውሮፕላን 6



## ዕዱም ጋሻ

# ‹‹ሕቶ በሪ ባሕሪ ምስ ህልውና ዝተተሓሓዘ ጉዳይ እምበር ፈፂሙ ምስ ፖለቲካ ዘተሓሕዝ የብሉን››

- ሌተናል ጀነራል ዮሃንስ ገብረመስቀል

መኣርግ ገ/ሄር

ሌተናል ጀነራል ዮሃንስ ገብረመስቀል ካብ 1968 ዓ.ም ጀሚሮም ናብ ህዝባዊ ወያነ ሓርነት ትግራይ (ህወሓት) ዝተፀመሩን ሙሉእ ሂወቶም ዳርጋ ክባሃል ዝከኣል ኣብ ሰራዊት መከላኸሊ ሃገር ዘሕለፉን ”ዮም። ሌተናል ጀነራል ዮሃንስ ወታደራዊ ግቡኦም ብዝግባእ እናተዋፅኡ ዝመፁ እንትኾኑ ኣብ ሕቡራት መንግስታት ንኽባቢ ኣርባዕተ ዓመታት ሓላፊ ዓቃቢ ሰላም ኮይኖም ኣገልጊሎም ”ዮም። ከምኡ ‘ውን ብ2005 ዓ.ም ኣብ ደቡብ ሱዳት ዝነበረ ዘይምርግጋዕ ናብ ንቡር ንምምላስ ንኽልተ ዓመት ሰሪሖም ”ዮም። ናብ ቃልሲ ህዝባዊ ወያነ ሓርነት ትግራይ እንትፅንበሩ ናይ ካልኣይ ብርኪ ትምህርቶም ምስወድኡ ነይሩ። ሐዚ ግን ብሰላምን ፀጥታን(peace and security) ማስትሬት ዲግሪ ተመሪቆም ጥሮታ ክሳብ ዝወፁ ሃገራዊ ግቡኦም ብዝግባእ እናተዋፅኡ መፂኦም ”ዮም። ኣብ ናይ ሎሚ ሕታምና ኣብዝሕዚ እዋን ኢትዮጵያ እተልዕሎ ዘላ ብዛዕባ ሕቶ በሪ ባሕሪ ኣድሂብና ምስ ሌተናል ጀነራል ዮሃንስ ገብረመስቀል ዝገበርናዮ ፃንሒት ሙሉእ ትሕዝትኡ ከምዝስዕብ ኣቕሪብናልኩም ኣለና። ሰናይ ንባብ!



**ወጋሕታ፡- ኣብ ቐረባ እዋን ኣብ ሃገርና በሪ ባሕሪ ሓደ ዓብዪ መዛተዪ ኮይኑ ይርከብ። ንሶም ኣብዚ ዘለዎም ሓፈሻዊ ርኢቶ እንታይ ይመስል?**

**ሌተናል ጀነራል ዮሃንስ፡-** ኢትዮጵያ እተቕርቦ ዘላ ሕቶ በሪ ባሕሪ ምስ ህላወ ህዝቢ እምበር ምስ ፖለቲካ ዘተሓሕዝ ጉዳይ የብሉን፤ መንግስቲ ሕቶ በሪ ባሕሪ ናይ ህልውና ህዝቢ ምኧኑ ተረዲኡ ኣብዚ ሰዓት እዚ ክለዓል ምፍቃዱ ኣግባብነት ዘለዎ ጉዳይ ‘ዩ። ብዛዕባ በሪ ባሕሪ ውሽጢ ንውሽጢ ክብላዕላዕ ዝፀንሐ ጉዳይ ‘ዩ። ብፍላይ ጠለብ ኢኮኖሚ ካብ ግዜ ናብ ግዜ ብናህሪ እናዓበየ ምስዝኸይድ ዘሎ ቑፅሪ ተተሓሒዙ፣ ተዳፊኑ ዝቀሪ ኣይኮነን። እዚ ናይ ኢኮኖሚ ወይ ህልውና ጉዳይ እምበር ፈፂሙ ምስ ፖለቲካ ዘተሓሕዝ የብሉን፤ ኮይኑ ግና ሓደ ሓደ ኣካላት ምስ ፖለቲካ ከተሓሕዝዎ ንርኢ ኢና። ብምኧኑ ፖለቲካዊ ትርጉም ምሃብ ሓላፍነት ዝጎደሎ ኣካይዳ ‘ዩ። ናይ ህልውና ጉዳይ ስለዝኾነ ፍታሕ እንድሕር ዘይረኺቡ ሓንሳብ ተላዒሉ ዝተርፍ ኣይኮነን።

እዚ ተተሓሒዝካን ተደጋጊፍካን ንምዕባይ እምበር ናብ ጎንፂ ዘምርሕ ‘ውን የብሉን። ኢትዮጵያ ኣግባብነት ዘለዎ ሕቶ እያ ትሓትት ዘላ። እዚ ድማ ብኣወንታ ክረአ ዘለዎ ጉዳይ ‘ዩ። ኢትዮጵያ ኣብ ኣፍ በሪ ባሕሪ ኮይና በሪ ባሕሪ ከትስእን የብላን፤ እዚ ሕቶ እዚ ምስ ህላወ ህዝቢ ዝተሓሓዝ ስለ ዝኾነ ሓንሳብ ተላዒሉ ዝተርፍ ኣይኮነን። ብፍላይ ህዝቢ ኢትዮጵያ ካብ ግዜ ናብ ግዜ ቑፅሩ እናወሰኸ ይኸይድ ስለ ዘሎ ፍታሕ ክረክብ ክኽእል ኣለዎ። ብዘይ በሪ ባሕሪ ክነብር ኣይኽእልን፤ በቢ ዓመቱ ጠለብ ኢኮኖሚ እናዓበየ ይኸይድ ስለ ዘሎ ብዘይ በሪ ባሕሪ ንበር ከትብሎ ኣይትኽእልን። ኢትዮጵያ ንደገ እትሰዶምን እተኣትዎምን ሸቐጣት ካብግዜ ናብ ግዜ እናወሰኸ ‘ዩ ዝኸይድ ዘሎ። ስለዚ ጉዳይ በሪ ባሕሪ ንኢትዮጵያ ኣዝዩ ወሳኒ ‘ዩ። እዚ ምስ ናይ ካልኦት ሃገራት ልኣላውነት ዝዳፋእ ኣይኮነን፤ እኳደኣስ ኢትዮጵያ ተጠቃሚት በሪ ባሕሪ እንተኾይና ምስተን ጎረቤት ሃገራት ተደጋጊፍካ ንምዕባይ ዝሕግዝ ‘ዩ። ተደጋጊፍካ እምበር በይንኻ ምዕባይ ዝከኣል ኣይኮነን፤ ነዚ ‘ውን ‘ዩ መንግስቲ ኢትዮጵያ ዘድልየኩም ካባና ውሰዱ በሪ ባሕሪ ድማ ብሓባር ንጠቐም፤ ተደጋጊፍና ንዕበ ዝብል ዘሎ።

**ወጋሕታ፡- ኢትዮጵያ ናብ ባሕሪ ዝቐረበት ”ያ። ኣብ ኢኮኖሚ፣ ሰላምን ፀጥታን ብኸመይ ክፀልዋ ይኽእል? ብኸመይ ከ ተጠቃሚት ከትኸውን ትኽእል?**

**ሌተናል ጀነራል ዮሃንስ፡-** ኢትዮጵያ ንብዙሕ ግዜ ባሕሪ ዝነበራ ሃገር ‘ያ። ኮይኑ ግና ሕዚ ብዝተፈላለዩ ምኽንያታት ብዘይ በሪ ባሕሪ ቀርያ ‘ያ። ብዙሓት ናብ ባሕሪ ዝቐረባ ሃገራት በሪ ባሕሪ ኣለወን። ናይ ኢትዮጵያ ግና ዝተፈለየ ‘ዩ። ኢትዮጵያ ዓባይ ዓዲ ‘ያ። ብዙሕ ህዝቢ ዝሓዘት ‘ያ። ድሌት ኢኮኖሚ እቲ ህዝቢ ‘ውን ኣዝዩ ልዑል ‘ዩ። ግዚኡ ሓልዩ ምፍትሑ ኣይቐርን እናተባህለ እናተብላዕለዐ ዝነበረ ጉዳይ ‘ዩ። ሕዚ ምልዓሉ ፅቡቕ ‘ዩ። መፍትሒ ድማ ክህሉ ኣለዎ።

> **በሪ ባሕሪ ንኢትዮጵያ ብዲፕሎማሲ፣ ብሰላምን ፀጥታን ኢኮኖሚ ናይ በዓሉ ትርጉም ኣለዎ። ብዙሕ ህዝቢ ኣሎ ብዙሕ ድሌት ኢኮኖሚ ‘ውን ኣሎ**

ሕቶ በሪ ባሕሪ ናይ ህልውና ጉዳይ ብምኧኑ መፍትሒ ዘድልዮ ጉዳይ ‘ዩ። ሸለል ዝበሃል ጉዳይ ኣይኮነን። ሕዚ ዋላ ኣይፈታሕ ንወለዶ ዕዳ ይኸውን እምበር ምፍትሑ ኣይቀርዮን። ድሌት በሪ ባሕሪ ኢትዮጵያ እቲ ሕዚ እትጥቐመሉ ዘላ በሪ ባሕሪ ምስ ድሌታ ዝመጣጠን ኣይኮነን። እንተተኻኢሉ በዓላ እትውንኖ እንተዘይተኻኢሉ ድማ ሂብካ ምቅባል ብዝብል መትከል ‘ውን የድልያ ‘ዩ።

በሪ ባሕሪ ንኢትዮጵያ ብዲፕሎማሲ፣ ብሰላምን ፀጥታን ኢኮኖሚ ናይ በዓሉ ትርጉም ኣለዎ። ብዙሕ ህዝቢ ኣሎ ብዙሕ ድሌት ኢኮኖሚ ‘ውን ኣሎ። ሕዚ ኢትዮጵያ እትጥቀመሉ ዘላ በሪ ባሕሪ ዋላ ብዙሕ ገንዘብ እተውፅእ ድሌታ ከማለአላ ኣይከኣለን። ምስ በዝሒ ህዝቢ ተተሓሒዙ ድሌት እቲ ህዝብን እቲ ኣቕርቦትን ኣይተመጣጠነን። ብነፋሪት ኣማላሊስካ ድሌቱ ክተማለአሉ ኣይትኽእልን። ከይዱ ከይዱ ናይ ህልውና ጉዳይ ከምዝኸውን እቶም ዘለዉ ምልክታት እኹላት ‘ዮም። ህዝቢ ኢትዮጵያ በዝሑን ድሌት ኢኮኖሚኡን ኣዝዩ እናወሰኸ ‘ዩ ዝኸይድ ዘሎ።

**ወጋሕታ፡- ኢትዮጵያ ሕዚ ተልዕሎ ዘላ ሕቶ በሪ ባሕሪ ናይ ህልውና ጉዳይ እንተይኮነስ ናይ ፖስቲካ ጉዳይ ”ዩ ዝብሉ ኣካላት ኣለዉ። ንሶም ኣብዚ ጉዳይ እዚ ዘለዎም ሓሳብ ተዘካፍሉና።**

**ሌተናል ጀነራል ዮሃንስ፡-** ሕቶ በሪ ባሕሪ ቐልጢፍና ብዓይኒ ፖለቲካ ምርኣይ ስሕተት ‘ዩ። እዚ ድሌት ኢኮኖሚ ህዝቢ እምበር ድሌት ፖለቲካ ኣይኮነን። ሓደ ሓደ ሰባት ምስ ፖለቲካ ከተሓሕዝዎ ዝፍትኑ ኣለዉ። እዚ ሓላፍነት ምጉዳል ‘ዩ። ኣወንታዊ ጎኑ ምርኣይ ‘ዩ ዘድሊ። እዚ ናይ ኢኮኖሚ ጉዳይ ምኧኑ ክርሳዕ ዝገብር ‘ዩ። ብቀሊሉ ድሌት ናይቲ ህዝቢ ዝምስክሮ ጉዳይ ‘ዩ። ኣብ መሬት ዘሎ ሓቒ እናረኣኻ ጉዳይ ፖለቲካ ‘ዩ ትብል እንተኾይንካ ድሌት ህዝቢ ዘይምርዳእ ‘ዩ። ወይ ‘ውን እናፈለጥካ ናይ ህዝቢ ጥቕሚ ክተኽብር ዘይምድላይ ‘ዩ። እዚ ድሌት ኢኮኖሚ ህዝቢ ‘ዩ።

**ወጋሕታ፡- ኢትዮጵያ ወናኒት በሪ ባሕሪ እንተኾይና ረብሕኡ ከመይ ይገልፅዎ?**

**ሌተናል ጀነራል ዮሃንስ፡-** ኢትዮጵያ ወናኒት በሪ ባሕሪ እንተኾይና ረብሕኡ ከመይ ይገልፅዎ ዝብል ሕቶ፣ ረብሕኡ ኣዝዩ ብዙሕ ‘ዩ። ብፍላይ ኣብ ኢኮኖሚ ዘለዉ ፅገማት ኣዝዩ ዘቓልል ‘ዩ። ብዙሓት ዕድል ስራሕቲ ይፍጠሩ፤ ፖለቲካውን ዲፕሎማስያውን እዛ ሃገር ተሰማዕነታ ይውስኽ። ብሓፈሻ ድማ ኢኮኖሚ እዛ ሃገር ሓፍ ክብል ዝገብር ‘ዩ። ንበሪ ባሕሪ ዝኽፈል ዝነበረ ብዙሕ ወፃኢ ዘቕሪ ‘ዩ። ኣብዚ ጉዳይ እዚ ቐራፅነት መንግስቲ የድሊ ‘ዩ። ሰላምን ዕቤትን ንምርግጋፅ ኣዝዩ ወሳኒ ‘ዩ። እዚ ድማ ኣብ ኢትዮጵያ ጥራሕ ተወሲኑ ዝቀሪ ኣይኮነን። ንጎረባብቲ ሃገራት ‘ውን ዝጠቅም ‘ዩ። ዕቤት ኢትዮጵያ ንኢትዮጵያ ጥራሕ ኣይኮነን ዝጠቕም። ካብ ኢትዮጵያ ሓሊፉ ንኹለን ጎረባብቲ ሃገራት ‘ውን ዝጠቅም ‘ዩ። ዝሓሰረ ትራንስፖርት ናይ በሓሪ ትራንስፖርት ‘ዩ። እዚ ድማ ኢትዮጵያ ምስ ዘለዋ በዝሒ ህዝቢ ተተሓሒዙ ድሌት ኢኮኖሚኣ ኣዝዩ እናለዓለ ስለ ዝኸደ በሪ ባሕሪ ኣዝዩ ‘ዩ ዘድል። በታ ሕዚ ዘላ በሪ ባሕሪ ድሌት ህዝቢ ኢትዮጵያ ምምላእ ዝከኣል ኣይኮነን። እንተስ ብናፃ እንተስ ብገንዘብ ተወሳኺ በሪ ባሕሪ የድልያ ‘ዩ። ብፍላይ ድሕሪ ግዜ በዝሒ ህዝቢን ድሌት እናወሰኸ ምስ ዝኸይድ በታ ዘላ ድሌት ኢኮኖሚ ህዝቢ ምምላስ ዝከኣል ኣይኮነን። ቅድሚ ናብ ዝበኣሰ ምኧዱ ኣቀዲምካ ክሕሰበሉ ዝግባእ ‘ዩ። ሰላም ዕቤት ንምስፋን ዝሕግዝ ‘ዩ። ናይ ኢትዮጵያ ድሌት በሪ ባሕሪ ዘይምህላው ንኹለን ጎረባብቲ ሃገራት ዝጎድእ ‘ዩ። ምኽንያቱ ኣብ ጎረቤት ሰላምን ልምዓትን እንትህሉ ‘ዩ እተን ጎረባብቲ ሃገራት ተረጋጊዐን ክዓብያ ዝኽእላ። ከምኡ ‘ውን ኢትዮጵያ ከትዓቢ እንተላ ካብ ኢትዮጵያ ዘድልየን ነገራት ክረኽባ ይኽእላ። ኢኮኖሚ ሃገርና እንተዘይተረጋጊዑ ናብ ጎረባብቲ ሃገራት ስደት ከስዕብ ይኽእል፤ ዘይምርግጋዕ ይመፅእ። ፍትሓዊ ተጠቃምነት ተፈጥሮኣዊ በሪ ባሕሪ ንምርግጋፅ ይሕግዝ። ሓንቲ ዓዲ በይና ክትዓቢ ኣይትኽእልን። ክትዓቢ እትኽእል ብምድግጋፍ ‘ዩ። ተፈጥሮ ዝሃበካ ነገር ብሓባር ተረዳዲእኻ ምጥቃም ኣድላይ ‘ዩ። እዚ ብኣግባቡ ክንጥቀመሉ እንተዘይኽኢልና ሳዕቤኑ ሕማቕ ‘ዩ። ውሑልል ዝኾነ ኣጣቃቕማ ኣድላይ ‘ዩ።

ጉዳይ በሪ ባሕሪ ምስ ፖለቲካ ዘተሓሕዙ እንተልዮም ሓላፍነት ዝጎደሎም ‘ዮም። ንምንታይ እንተይልና እዚ

## <<ሕቶ በሪ ባሕሪ ምስ ህልውና...

ምስ ህልውና እምበር ምስ ፖለቲካ ዘተሓሕዝ ጉዳይ የብሉን። በሪ ባሕሪ ቑልፊ ህልውና ህዝቢ ኢትዮጵያ 'ዩ። ብጥንቃቐ ክትሓዝን ክሕሰበሉን 'ዩ። ድሌት ህዝቢ ኣብ ግምት ዘይምእታው ከይዱ ከይዱ ናብ ከቢድ ኩነታት ክበፅሕ ይኽእል 'ዩ። ስለዚ ናብዝበኣሰ ኢኮኖሚያዊ ቑልውላው እንተይከድና ብጋንኡ ክንሓስበሉ ዝግባእ 'ዩ። ኩነታት ኢኮኖሚ እናረኣኻ ጉዳይ ፖለቲካ 'ዩ ዝብል ኣካል እንተሃልዩ ኣብ ልዕሊ ህዝብን ሃገርን እናቀለደ 'ዩ ዘሎ ማለት 'ዩ። ካብዚ ኣታሓሳስባ እዚ ተቖጢቡም ብዛዕ ቑጣባ ሃገሮም ክሓስቡ ኣለዎም። ብሚልዮናት ህዝቢታት ክቕልዱ የብሎምን። በሪ ባሕሪ ንህዝቢ ኢትዮጵያ ጎረርኡ 'ዩ። ብሰላም ብኢኮኖሚ ብኹሉ። ናብ ኩናት ክወስዱ ዝደልዩ ኣካላት 'ውን ኣይሰኣኑን። ቅኑዕ ሕቶ በሪ ባሕሪ ኢትዮጵያ ናብ ዘይኮነ ከምርሕዎ ዝደልዩ ኣካላት ኣለዉ 'ዮም። ንኸምዚኦም ዝበሉ ኣካላት ዝተፈላለዩ ምኽርታት ክልገሰሎም ይግባእ። እንተኸኢሎም ክሕግዙ ኣለዎም፤ ሓሳብ ከዋፅኡ ኣለዎም። እንተዘይኮይኑ ግና ዓሪፎም ክቕመጡ 'ዩ ዘለዎም። እዚ ናይ ህዝቢ ሕቶ በሪ ባሕሪ መሳርሒ ፖለቲካ ገይሮም ክወስድዎ የብሎምን።

እዚ ነቲ ዘለናዮ ክፍለዘመን ዝምጥን ኣታሓሳስባ ኣይኮነን። ነዞም ክምዚኦም ዝበሉ ኣካላት ህዝቢ ክፅየፎም 'ዩ ዝግባእ። ፖለቲካ እንተኾይኑ ናብ ጎንፂ ዘምርሕ 'ዩ። እዚኦም ድማ ድሌቶም ናብ ጎንፂ ከምርሕ እሞ ከይተፈትሐ ክቀሪ 'ዩ ድሌቶም። ጎንፂ ኣኽሳሪ እምበር ጥቅሚ ከምዘይብሉ ፍሉጥ 'ዩ። ኩሉ ነገር ብዲፕሎማሲ፣ ብምኽክር 'ዩ ክኸውን ዝግበኦ። ምትሕግጋዝ፣ ምርድዳእ፣ ሓቢርካ ምዕባይን ምንባርን የድሊ። ናብ ፖለቲካ ዘምርሖ ነገራት ክህልዉ የብሎም። እዚ ፍሉጥ ሕቶ ህልውና ህዝቢ 'ዩ። ካሊእ ዘይተደለየ ትርጉም ምሃብ ኣድላይ ኣይኮነን። ስለዚ እዚ ኣድላይ ጥንቃቐ ዝሓትት 'ዩ።

ሕቶ በሪ ባሕሪ ኢትዮጵያ ሕቶ ህልውና፣ ልምዓት፣ ተደጋጊፍካ ሓቢርካ ምዕባይ እምበር ምንም ዓይነት ምስ ፖለቲካ ዘተሓሕዝ ጉዳይ የብሉን። ሓደ ሓደ ሰባት ንምትዕንቓፍ ናይ ልኣላውነት ጉዳይ 'ዩ እናበሉ ናብ ጎንፂ ንምምራሕ ዝሰርሑ ኣለዉ። ናይ ተፈጥሮ ሃፍቲ ሓቢርና ብምጥቃም ሓቢርና ንዕበይ 'ዩ ዘሎ ትሕቶ። ሩባ ኣባይ ናይተፈጥሮ ሃፍቲ 'ዩ፤ ኢትዮጵያ ነዚ ኣብ ግዝኣተይ 'ዩ ዝርከብ ኢላ ኣይከልከለትን። ሓቢረን 'የን ዝጥቐማሉ ዘለዋ። ልክዕ ኣባይ ንግብፂ ናይ ህልውና ጉዳይ ዝኾነ በሪ ባሕሪ ንኢትዮጵያ ናይ ህልውና ጉዳይ 'ዩ። ህዝቢ ኣብዚ ጉዳይ እዚ ናይ ፖለቲካ ጉዳይ ከምዘይኮነ ክርደኦ ኣለዎ። ብሰላምን ዲሎማስን ተመሪሑ እንተኾይኑ ህዝቢን መንግስት ተጠቃሚ ይኸውን። ስለዚ ፖለቲካዊ ትርጉም ካብ ምሃብ ብምውፃእ ናይ ህልውና ከምኡ 'ውን ናይ ሰላምን ፀጥታን ጉዳይ ምኳኑ ምርዳእ የድሊ። ተፈጥሮ ንኹሉ መዓረ 'ያ ኣይተዳሉን። ስለዚ ተፈጥሮ ዝሃበትካ ፍትሓዊ ብዝኾነ መንገዲ እንተተጠቒምካሉ ንኹሉ እኹል 'ዩ። ቐንዲ ነገር ሓቢርካ ተስማዕሚዕኻ ምጥቃም 'ዩ። ኣብ ክንዲ ምጥርጣር ምትእምማን ምፍጣር ወሳኒ 'ዩ። እናተጠራጠርካ ምዕባይን ዝበሃል ክህሉ ኣይኽእልን። ተፈጥሮ ዘየዳሉ ጥቅሚ 'ዩ ሒዙ ዝመፅእ። እዚ ብተፈጥሮ ዝተወሃበ ውህብቶ ውሕሉል ኣጣቓቕማ እንተሃልይዎ ዕቤት ይመፅእ፤ ለውጢ ይህሉ፤ ስደት ይቀሪ፤ ድኽነት ይቕንስ። ዕቤት እንተሃልዩ መናእሰይ ኣብ ዓዶም ሰሪሖም ይዓብዩ። ወለዶ ተረጋጊዑ ይመሃር፤ ውላድ ምስ ወለዱ ኮይኑ ይመሃር። ናብራ እንተተማሕይሹ፣ ፍቕሪ ይነግስ፣ ሓቢርካ ተሓጋጊዝካ ትነብር፣ ዓብዩ ዕዳጋ ይፍጠር። ስደት ይተርፍ፤ ኣብ ክንዲ ምጥርጣር ምትሕግጋዝ ይነግስ። ዙርያ ምላሽ ጥቅሚ ከትሪኦ እንተለኻ ዘየዳሉ ጥቕሚ 'ዩ ሒዙ ዝመፅእ። ስለዚ ሓድነት፣ ምትሕግጋዝ፣ ብሓባር ተረዳዲእኻን ተሓጋጊዝካን ምስራሕን ምዕባይን ክነግስ ኣለዎ። ሰብ 'ዩ ዘዳሉ እምበር ተፈጥሮ ኣይተዳሉን። እቲ ቐንዲ ፀገም ተስማዕሚዕኻ ዘይምጥቃም 'ዩ።

ኣብሓደ ዞባ እናነበርካ ከትተሓጋገዝ 'ዩ ዘለካ። በይንኻ ተነፂልካ ክትዓቢ ኣይትኽእልን። ብፍላይ ኣብቀርኒ ኣፍሪካ ምትእምማንን ምትሕግጋዝን ስለ ዘየለ ብሰፊሑ ስደት ኣሎ። ናይ ሓበር ኢንፍራስትራክቸር የለን። ምትሕግጋዝ የለን። ከም ሓደ ቤትሰብ ኮንካ ተሓጋጊዝካ ምዕባይ እናተኽኣለ ዘይምትእምማንን ምጥርጣርን ምህላው ኣዝዩ ዘሕዝን 'ዩ። ኣብ ከባቢ ባሕሪ ዘለዋ ሃገራት ክተሓጋገዛ እንተዘይኪእለን ክዓብያ ኣይኽእላን። ምትሕግጋዝን ምትእስሳርን ክህሉ ኣለዎ።

**ወጋሕታ፡- ኣብ መወዳእታ ክተርፍ ዘይግበኦ ሓሳብ እንተሃልዩ ዕድል ክህቦም።**

**ሴተናል ጀነራል ዮሃንስ፡-** ማለት ሓደ ሓደ ፖለቲከኛታት ኢትዮጵያ ብሓይሊ ከትጥቀም ከምትደሊ ገይሮም ሓሳብ ዝህቡ ኣለዉ። እዚ ፍፁም ጌጋ 'ዩ። እቶም ቀዳማይ ሚኒስትር እንትዛረቡ እንተለዉ ተሓጋጊዝና ንዕበ 'ዮም ዝበሉ። ካባና ዘድልየኩም ውሰዱ ካባኹም ዘድልየና 'ውን ንጠቐም፤ ሓቢርና ተሓጋጊዝና ንዕበ 'ዮም ዝበሉ። ካብዚ ወፃኢ ብሓይሊ ከንጥቀም ኢና ኣይበሉን። ንሶም ዝብሉ ዘለዉ ብሂብካ ምቕባል 'ዩ። ብልዝብን ዲፖሎማስን 'ዮም ዝሓቱ ዘለዉ። ተቖዳዲምካ ናብ ፖለቲካ መውሳድ ትኽክል ኣይኮነን። እዚ ብሰላም ክኸውን ዝኽእል 'ዩ።

**ወጋሕታ፡- ንዝነበረና ፃኒሕት የቐንየልና።**

**ሴተናል ጀነራል ዮሃንስ፡-** ኣነ 'ውን ኣብዚ ጉዳይ እዚ ሓሳበይ ክገልፅ ጋሻሑም ጌርኩም ስለዝዓደምኩምኒ የቐንየለይ።

## "ኣውሮፕላን ናብ...

ጀኔራል ተጫኒ መስፍን እዮም ብሂይወት ኣለው።

ኣብ ዳርፉር፣ ኣብየዬ፣ ደቡብ ሱዳን፣ ብዙሓት ፀገማት ኣለው፤ ሓደ ኣብ ተልእኾና ግልፂ ዝገበርናዮ እንታይ 'ዩ? ኣብ ስራሕቲ ቀጠናውን ዓለምለኻዊ ምኽባር ሰላም፤ በብቅዓት ምስታፍ ዝብል ኣሎ፡፡ ብትካል ሕቡራት መንግስታት ምኽንያት ሐዚ ኣብ ቀረባ ግዜ 'ውን ናብ ሶማሊያ እናኣተና ኢና ፡፡ ብሓይሊ ምድሪ 'ውን ልምዲ ዘለና ስለዝኾንና እዚ 'ውን ብብቅዓት ንምስታፍ ልዑል ምድላው እናገበርና ኢና፡፡

**ሕቶ ፡- እቲ ሰማይ ነሃትና እዩ ዝብል ናይ ብሓቂ ነቲ ሓይሊ ኣየር ይገልፆ እዩ ድዩም ዝብሉኒ ዘለው?**

**ሴተናል ጄነራል ይልማ ፡-** ንኣብነት ሓይሊ ምድሪ እንተኸይድኻ ሓይሊ ምድሪ ክነስልጥን ከለና ሓንቲ ጥይት ንሓደ ፀላኢ ዝብል 'ዩ፡፡ ንምንታይ ኢኻ እዚ እተምህር፤ እቲ ሰራዊት ብሰላሳኣን ጥይት ብሓደ ግዘ ተኹሱ ወዲኣ ከይብል 'ዩ፡፡ ዝተውሃቦ ጠያይቲ በጥንቃቀ ንክጥቀም 'ዩ። ኣብ ዝተፈላለዩ ኣገልግሎት መከላኸሊ ሰራዊት ውሽጢ ከምዚ ዝበሉ ዓይነት ሓሳባት ኣልው፡፡

ናብ ሓይሊ ኣየር እንትንመፅእ ግና ብጣዕሚ ወሳኒ ዝኾኑ በራሪታት ናብ በረራ እንኽዱ ብዛዕባ እቲ ሰማይ 'ዮም ክሓስቡ ዘለዎም፤ እዚ ሰማይ ነሃተይ 'ዩ፡፡ «ኣይ ካን ኦን ዘ ስካይ» ኣብ ልዕሊ ምድሪ ወይ ሓይሊ ምድሪ ነሃተይ 'ዩ እቲ ምድሪ፣ ወሰኑን ክቆፃፀር 'የ፣ ዝኾነ ይኹን ጥሑሱ ኣይኣትውን፣ ኣነ ክሳብ ዘለኹ ይላል፡፡ ንዓና 'ውን ተመሳሳሊ ማለት 'ዩ፡፡

ኣንሕና እናሃለና እቲ ሰማይ ኣይጠሓስን 'ዩ፤ እዚ ሰማይ ሃፍቲ ኢትዮጵያ 'ዩ፤ ሓይሊ ኣየር እነሃለወት ሰማይ ኣይጠሓስን ነሃትና ሰማይ 'ዩ። በእርግፀኝነት እንትንጅምር ሓደ ቀልዲ ነይሩ፤ እቲ ዝጀመርናዮ ግና እናዓበየ ኸይዱ ናብ ፊልም ተቀይሩ ፅቡቅ ብርኪ በፂሑ፡፡

እሱ ጥራሕ ኣይኮነን፤ ሕድ ሕድ ዲፓርትመንት ድማ ናይ ባዕሉ «ሞቶ» ኣለዎ፡፡ ንኣብነት ቤት ትምህርቲ በረራ ኣካዳሚ «ዜሮ ቱ ሄሮ»፣ እንታይ ማለት 'ዩ እዚ? ከምቲ ቅድም ዝበልክዎ፡፡ ሓንቲ ጥይት ንሓደ ፀላኢ ከምእንብሎ ንበረራ ቤት ትምህርቲ ዝተውሃቦ ካብ በረራ ዜሮ ሰዓት በረራ ዘለዎ ብዛዕባ ኣቬሽን ዝኾነ ይኹን ፍልጠት ዘይብሉ ተቀብልካ ግዳድ ንዝወፅእ ጀግና ገይርኻ ዓዱ ዝሕልው ምግባር ማለት 'ዩ።

ሓይሊ ኣየር ዝዋገኣሉ ናይባዕሉ ዓውዲ ኣለዎ፡፡ ከምዝረእኹሞ ኣብ ሰማይ 'ዩ ዝዋጋእ፡፡ ወይ ካብ ሰማይ ናብ መሬት እዩ ዝትኩስ ወይ ካብ ሰማይ ናብ ሰማይ እዩ ዝትኩስ፡፡ ነዚ 'ዩ እቲ ሰማይ ነሃተይ 'ዩ፤ «ኣይ ካን ኦን፣ ኣይ ካን ኮንትሮል፣ ኣይ ካን ዶሚኔት ዘ ስካይ» ማለት ከኽእል ኣለዎ፡፡ ሓደ ሰራዊት እንሃንፀሉ፣ ሞራል እንህበሉ፣ እነተባብዐሉ እዩ። ከምዚ ዝበሉ ዓይነት ጭርሖታት እነምፅእ፡

## ኢትዮጵያ ኣብ ኹሎም ዓውድታት...

ኢታማዦር ሹም ሓይልታት ሰራዊት ፌዴሪኢ ፊልድ ማርሻል ብርሃኑ ጁላ ብወገኖም ከምዝገለፅዎ፤ ስርዓት ብዝተቐየረ ቁፅሪ ዘይፈርስ ዘተኣማምንን ዘላቕን መከላኸሊ ሰራዊት ምህናፅ ዝተኽኣለ እንትኸውን ንሓይሊ ኣየር ኢትዮጵያ 'ውን ብቴክኖሎጂ፣ ብዕጥቂ፣ ብሓይሊ ሰብን ብኣሰራርሓን ምዝማን ተኻኢሉ።

"ንኢትዮጵያ ዝምጥን ሰራዊት እናሃነፅና ንርከብ" ዝበሉ እቶም ፊልድ ማርሻል፤ ሰራዊት ካብ ዓሌታውነትን ፖለቲካዊ ኣተሓሳስባን ወፂኡ ፍቕሪ ሃገር ዘለዎን መንፈስ ሓርበኝነት ዝተላበሰን ንክኸውን ምግባር ከምዝተኽኣለ ሓቢሮም።

ከም ገለፃ እቶም ፊልድ ማርሻል፤ መከላኸሊ ሰራዊት ንወለዶ ዝሳገርን ብስምዒት ናተይነት ኣብ ምግልጋል ዝርከብን ኢሉ 'ውን ኣብ ዘይናወፅ መሰረት ዝተሃነፀ እንትኸውን ኣብ ዓለም ለኸ መድረኽ ኣፍልጦ ተላቢሱ ሉኣላዊነት ሃገሩ እናሓለወ ዝርከብ 'ውን 'ዩ።

ብተወሳኺ ዋና ኣዛዚ ሓይሊ ኣየር ፌዴሪኢ ሌተናል ጀነራል ይልማ መርዳሳ ከምዝገለፅዎ፤ ኣብዚ ሕዚ ሓይሊ ኣየር የድልየና 'ዩ ጥራሕ እንተይኽነስ ድሕሪ ሕዚ ከጋጥሙና ዝኽእሉ ኹናት ሓይሊ ኣየር ወይ ናይ ሚሳኤል 'ዩ። ብወገን መንግስቲ ዘመናዊ ሓይሊ ኣየር ክንሃንፅ ኣለና ዝብል ዓብይ ለውጢ ፖሊሲ ተገይሩ። እዚ ጥራሕ እንተይኮነስ እታ ሃገር ብዘለዋ ዓቕሚ በጀት ናይ ምምዳብ፣ ኣብ ዝሓለፉ ቀረባ እዋናት ናይ ኣማራርሓ ክትትልን ድጋፍን ስራሕ ተሰሪሑ 'ዩ።

እቲ ትካል ዓብዩ ዝባሃል ኣእምሮ ሰብ እንትዓቢ ከምዝኾነ ድሕሪ ምግላፅ፤ ካብ ፖለቲካ፣ ሃይማኖት ፣ብሄርተኝነት ንክፀርይን ሓደ ንሃገር ጠጠው ዝበለ ብሄራዊ ሰራዊት ንክኸውን ናይ ምግባር ስራሕ ብልዑል ብርኪ ተሰሪሑ 'ዩ።

እኹል ሰብ ሓይሊ ብምስልጣን፤ ብዘመናዊ ዕጥቕን መሰረተ ልምዓትን ብምህናፅ ጭቡጥ ውፅኢት ከምዝተረኸበ ዝገለፁ ሌተናል ጀነራል ይልማ፤ ኣብ ቀፃሊ ብኹሉ መልክዑ ዝተወደበ ሓይሊ ኣየር ናይ ምህናፅ ስራሕ ተጠናኺሩ ክቕፅል 'ዩ ኢሎም።

መበል 88 ዓመት በዓል ምስረታ ሓይሊ ኣየር ኢትዮጵያ "ብመስዋእትነት ንሃገር ዝተበጀወ ሓይሊ ኣየር ኢትዮጵያ"ብዝብል ቴማ ካብ 20 ሕዳር 2016 ዓ.ም ጀሚሩ ከምዝተኸበረን ኣብቲ ዕለት ማለት 6 ታሕሳስ 2016 ዓ.ም ምርኢት ኣየር ጥቁር ኣንበሳን መዛዘሚ መርሃ ግብርን ተሳሊጡ።

## ኣብ ክልል ትግራይ ብምኽንያት ድርቂ...

ብምዝኽኻር፤ እኽሊ፣ ዘይትን ልሑም ምግብን ከም ዝዕደልን ኸይዲ ኣወሃባ እቲ ረድኤት ድማ ንሓደ ሰብ 15 ኪሎ በብ45 መዓልቲ ከም ዝዕደል ሓቢሮም።

እቲ ኮምሽን ክበፅሑ ዝኽእሉ ሓደጋታት ቐዲሙ ብመፅናዕቲ ብምድህሳስ ምስ ክልላት ብምዃን ስራሕቲ ምክልኻል ከም ዝሰርሕን ሓደጋታት እንተጋጥሙ ድማ ከም ስፍሓቶምን መጠኖምን ፍታሕ ከም ዝህብ ሓቢሮም።

ኾይኑ ግና እቲ ፀገም ብሓደ ሻዕ ስለዘይፍታሕን ሃንደበታዊ ሓደጋታ ክኽሰት ከም ዝኽእል ብምሕባር ኹሉ ግዘ ጥንቃቐን ዳህሳስን ዝሓትት 'ዩ ኢሎም። ብተወሳኺ ድማ ዜጋታት ኹሉ ግዘ ተሓገዝቲ ንከይኾኑ ስራሕቲ ልምዓት ብዝተፈላለዩ ዓለምለኸ ትካላት ንኽሰርሑ ብምግባር ዓርሶም ካብ ተፀባይነት ንኸናግፉ ከም ዝስራሕ ተዛሪቦም።

ብተመሳሳሊ ክልል ትግራይ ሓዊሱ ኣብ ክልል ዓፋር፣ ክልል ኣምሓራ ዞባ ዋግህምራ፣ ከባቢ ሰሜን ሽዋ ዝርከቡ ብሄረሰብ ኦሮሞ፣ ምብራቕ ጎጃም ከባቢ 2 ነጥቢ 4 ሚሊዮን ዜጋታ ብድርቅን ብጎንፅን ሕፅረት ምግቢ ከም ዘጋጠሞም ሓቢሮም።

ኣብዚ ሰሙን እዚ ሰብኣዊ ሓገዝ ፅዒነን ጉዕዞ ከም ዝጅምራ ዝጠቆሙ እቶም ሓላፊ፤ እቲ ረድኤት ሓገዝ ንዘድልዮም ኣካላት ክባፃሕ ከምዘለዎን፤ እተን ረድኤት ዝፅዓና መኻይን ዝሓዘኦ ረድኤት ህይወት ብዙሓት ወገናት ዘድሕን ስለ ዝኾነ ኣብ ዝሓልፋሉ ቦታ ኹሉ ዜጋ ሓላፍነት ተሰሚዕዎ ክተሓባበር ተላብዮም።

## እቲ ቤት ምኽሪ ንሹመት ኣካቢት...

ናብቲ ቤት ምኽሪ ዘቕረቡ ሚኒስትር ዋና ተፀዋዒ መንግስቲ ኣይተ ተስፋዬ በልጅጌ ኣብ ዝሃብዎ መብርሂ፤ ኣብ ዝሓለፉ እዋናት ካብ መንጎ ዝተሃነፁ ውፅኢታዊ ትካላት እቲ ሓደ ብሄራዊ ቦርድ መረፃ ኢትዮጵያ ምዃኑ ገሊፆም።

ብመተካእታ እተን ስራሕ ዝለቐቓ ነበር ኣካቢት ብሄራዊ ቦርድ መረፃ ኢትዮጵያ ኣካቢት እቲ ቦርድ ንክኾና ወይዘሮ ሜላትወርቅ ሃይሉ ብቀዳማይ ሚኒስትር ኣብይ ኣሕመድ (ዶ/ር) ናይ መወዳእታ ሕፁይቲ ኮይነን ምቕራበን ብምግላፅ እቲ ቤት ምኽሪ ነቲ ሹመት ንከፅድቕ ሓቲቶም።

ኣባላት እቲ ቤት ምኽሪ ናይ መወዳእታ ሕፁይቲ ኮይነን ኣብ ዝቐረባ ወይዘሮ ሜላትወርቅ ሃይሉ ርኢቶ ድሕሪ ምሃቦም፣ ንኣካቢነት ብሄራዊ ቦርድ መረፃ ኢትዮጵያ ሹመተን ብሓደ ድምፂ ተኣቕቦ ብኣብዝሓ ድምፂ ፀዲቑ፣ እተን ዝተሾማ ኣብ ቅድሚ እቲ ቤት ምኽሪ ቀሪበን ቓለ-ማሕላ ፈፂመን።

እቲ ቤት ምኽሪ ኣብ ናይ ቅድሚ ትማሊ ውዕሎኡ ንሹመት ኣካቢት ብሄራዊ ቦርድ መረፃ ድሕሪ ምፅዳቑ ንሹመታት ዋና ፈፃሚት ስራሕ ትካል ፕሬስ ኢትዮጵያን ብሮድካስቲንግ ኮርፖሬሽን ኢትዮጵያን 'ውን መርሚሩ ኣፅዲቑ። በዚ መሰረት 'ውን ንኣይተ መሳፍንት ተፈራ ዋና ፈፃሚ ስራሕ ትካል ፕሬስ ኢትዮጵያ ከምኡ 'ውን ንኣይተ ጌትነት ታደሰ ዋና ፈፃሚ ስራሕ ብሮድካስቲንግ ኮርፖሬሽን ኢትዮጵያ ገይሩ ሸይሙ።


## ኣብ ክልል ትግራይ ኣስታት 97 ...

ዝምልከቶም ኣካላት ዘለውሉ ካብ ዝሓለፈ 22 መዓልታት ጀሚሮም እቶት ገምጋም እናገበሩ ከምዝኾኑ ሓቢሮም።

ኣይተ ኣለምብርሃን ከምዝገለፅዎ፤ ገምጋም መሰረት ተገይሩ ብዝግበር ሪፖርት ክንደይ እቶት ክርከርብ ነይሩ? ክንደይከ ተረኺቡ? እቲ ድርቅን እዋኑ ዘይሓለወ ዝናብን ካልእን ነንሕድሕዶም ዘብፅሕዎ ጉድኣት ብሓፈሻ ኣብ ዝራእቲ፣ ኣብ ሃፍቲ እንስሳን ቁጠባውን ሪፖርት ክግበር እዩ።

ናይ ሎሚ መፍረያይነት ክረምቲ ሕርሻ ትግራይ ሓደ ሓሙሽተ ዝኾኑ ፀገማት ከምዘጋጠምዎ ዘዘኻኽሩ ኣይተ ኣለምብርሃን፤ እቲ ኩናት ዝፈጠሮም ሕፅረት ናውቲ ሕርሻ ኣብቲ ማሕረስ ኣሉታዊ ፅዕንቶ ካብ ምፍጣሩ ብተወሳኺ፤ ኣብ ጉልበት ሓይሊ ሰብን ኣብ ማሕበረ ኢኮኖሚያውን ዝፈጠረን ፀገማት ተደማሚሩ ኣብቲ ሕርሻ ዓብዩ ፅዕንቶ ፈጢሩ 'ዩ።

በዚኦምን ካልኦትን ፅዕንቶታት ምኽንያታት ሐዚ ኣብ ትግራይ ዘሎ ድርቂ ዘይኮነስ ካብ ድርቂ ሓሊፉ ናብ ጥምየት ተሰጋጊሩ ኣብቲ ዝኸፍኣ ጫፍ 'ዩ ዘሎ፤ በቢመዓልቱ ኣብ በቢ ከባቢኡ ብጥምየት ንዝሞቱ ዘለው ዜጋታት ቅልጡፍ ናይ ምግቢ ሓገዝ ንክረኽቡ መንግስቲ ፌደራልን ዝምልከቶም ሓገዝ ወሃብቲ ትካላትን ክረባረቡ ፀዊዖም፡፡



**ኣይተ ኣስምብርሃን ሃሪፈ**

ወጋሕታ **ዜና**

# ህንፀት ፕሮጀክት ዓድዋ 95 ሚኢታዊ በፂሑ

- ን2016 ዓ.ም በዓል ዓወት ዓድዋ ግልጋሎት ክህብ 'ዩ

**ኣብርሃ ሓጎስ**

ኣዲስ ኣበባ፡- ሓፈሻዊ ስራሕቲ ህንፀት ፕሮጀክት ዓድዋ ልዕሊ 95 ሚኢታዊ ምብፅሑ ዋና ስራሕ ፈፃሚት ቤት ፅሕፈት ህንፀት ዓበይቲ ፕሮጀክት ምምሕዳር ከተማ ኣዲስ ኣበባ ኢንጂነር ደቦ ቱንካ ገሊፆም፡፡ ፕሮጀክት ዓድዋ ምሉእ ብምሉእ ን2016 ዓ.ም በዓል ዓወት ዓድዋ ግልጋሎት ክህብ 'ዩ፡፡

ዝተፈላለዩ መራሕትን ጋዜጠኛታትን መራኸብቲ ሓፋሽ ፕሮጀክት ዓድዋ ኣብዚ ሰሙን ጎብንዮም፡፡

ዋና ፈፃሚት ቤት ፅሕፈት ህንፀት ዓበይቲ ፕሮጀክትታት ኣዲስ ኣበባ ኢንጅነር ደቦ ቱንካ ከምዝገለፅዎ፤ ፕሮጀክት ዓድዋ ምሉእ ብምሉእ ን2016 ዓ.ም በዓል ዓወት ዓድዋ ግልጋሎት ክህብ ክግበር 'ዩ፡፡

ከም ገለፃ ኢንጅነር ደቦ፣ ህንፀት እቲ ፕሮጀክት መብዛሕትኡ ዝተጠናቐቐ እንትኾውን ኣብዚ ሕዚ ሰዓት ናይ መወዳእታ ናይ ምእራም ስራሕቲ እናተሰርሐ 'ዩ፡፡

በቲ ፕሮጀክት ግልጋሎት ዝህቡ ቦታታት፣ ፕላዛዎች፣ ናይ ዓድዋ መዘከርታ ሓወልቲ ህንፃ ሓዊሱ፣ ናይ ኣርትን ቕርፃ ቕርፅን ስራሕቲ እናተሰርሑ ከምዝርከቡ ገሊፆም፡፡

ንዘመናት ዝፀንሐ ናይ ዓወት ኣብነትን ሃገራዊ ተጠቓሚነትን ብግልፂ ዘርኢ ናይ ፕላዛ ስራሕቲ እናተሰርሐ ከምዝርከብ ብምጥቃስ፣ ስራሕቲ ኣብ መፃኢ ወርሒ ጥሪ ንምዝዛም ኣድላይ ስራሕቲ እናተሰርሐ ምዃኑ ተዛሪቦም፡፡

ብተወሳኺ ኣካይዳ ታሪኻውን ትረኻታትን ኢትዮጵያውያን ዘርእዩ ስራሕቲ ኣርትታት እናተሰርሑ ከምዝርከቡ ብምግላፅ፣ ንጉስ ሚኒሊክን ንግስቲ ጣይቱን ሓዊሱ ጠቅላላ መራሕቲ ኣብቲ ኩናት ዝተሳተፉ ኢትዮጵያውያን ዘርኢ ምዃኑ ኣረዲኦም፡፡

እቲ ፕሮጀክት ታሪክ ቐደምት ኢትዮጵያውያን ካብ ምዝካር ሓሊፉ ታሪኽ ምጥንኻር ከምዝግባእ ምርኣይ ዘኽእል ምዃኑ ብምግላፅ፤ ብፍላይ ካብ ጥንቲ ጀሚሩ ክሳብ ሕዚ እቲ ትውልዲ ዘለዎ ታሪኻዊ ትሕዝቶ ንመፃኢ ትውልዲ ንምርካብ ዘኽእል ምዃኑ ገሊፆም፡፡

ኣብ ቤት ፅሕፈት ከንቲባን ጉዳያት ካቢኔን ምምሕዳር ከተማ ኣዲስ ኣበባ ሓለፊ ኣይተ ጥላሁን ወርቒ ብግዲኦም፤ ምምሕዳር እቲ ከተማ ኣብ ነዊሕን ሓፂርን ግዜ ሰብ ተኮር ፕሮጀክትታት ብምህናፅ ንተገልገልቲ ክፍቲ ኣብ ምግባር 'ዩ ኢሎም፡፡

ፕሮጀክት ሙዚም ዓድዋ መግለፂ ሓድነት ኢትዮጵያውያን ዋልታ 'ዩ ዝበሉ ኣይተ ጥላሁን፤ ህንፃ እቲ ፕሮጀክት እንትዛዘም ከም ሃገር ልዑል ግልጋሎት ይህብ ኢሎም፡፡

እቲ ፕሮጀችት ልዕሊ ኣርባዕተ ቢልዮን ብር ብዝኾነ ወፃኢ እናተሃነፀ እንትኸውን ብፕሮጀክት ሙዚም፣ ስራሕቲ መዘናግዒ፣ ካፍተርያ፣ ሲኒማን ኣዳራሽን ወሲኹ ጠጠው መበሊ መኻይንን ሹቋትን ይርከብዎም፡፡



ፎቶ- ብርሃኑ ታደሰ

## ታሪኽ ኣብ ኪነ ጥበብ እንትስነድ

## መኣዲ ጥበብ

**ኣብርሃ ሓጎስ**

ኪነ ጥበብ ካብ ብዙሕ ጥቅምታቱ ሓደ ታሪኽ፣ ባህሊ፣ እምነትን ኣነባብራን ሓደ ማሕበረሰብ ዓቂቡ ንቀፃሊ ወለዶ ምምሕልላፉ 'ዩ እንተተብሃለ ካብ ሓቂ ዝረሓቀ ኣይከውንን። ኣብ ሓደ እዋን ዝነበረ ኩነታት መነባብሮ፣ ድልየት፣ ኣተሓሳስባ፣ ስምዒትን ብሓፈሻ ታሪኽ ሓደ ማሕብረሰብ ኣብ ማሰ፣ መልቅስ፣ ደርፍን ብሓፈሻ ኣብ ኪነ ጥበብ ተዓቂቡ ሕሉፍ ኩነታት ነቲ ቀፃሊ የመሓላልፍ 'ዩ። በቲ ዝተመሓለፈ መልእኽቲ መሰረት ድማ ሓደ ወለዶ ካብ ዝሓለፈ ሕማቅ ይኹን ፅቡቅ ታሪኽ ቀዳማይ ወለዶ ንክሓትት፣ ክፈልጥን ክምሃርን ይገብር።

ብዙይ መሰረት ኣብ ኪነ ጥበብ ተሰኒዶም ካብ እንረኽቦም ገለ ታሪኽና ሓደ ኣብ 1977 ዓ.ም ዝነበረ ሕማቅን ከቢድን ታሪኽ ድርቂ ሃገርና ብፍላይ ትግራይ ኮይኑ፤ እቲ ዝነብረ ድርቂ ክንድ ምንታይ ከቢድ ከምዝነበረን እቲ ህዝቢ ዘሕለፎ ስቃይን መከራን ከመይ ከምዝነበረ ብዘርኢ መልክዕ ኣብ ኪነ ጥበብ ተሰኒዱ ይርከብ። ብፍላይ ብተጋዳላይ ኣርቲስት እያሱ በርሀ "ዘራጊት ስድራና ድርቂ ማንታ ደመኛ ብሓቂ" እትብል ስምዒት ብዝነከአ ግጥምን ዜማን ዝተሰርሐት ሙዚቃ ዘመን ዘየህስሶ ናይዚ ዓብይ ምስክር 'ዩ ምባል ይክኣል።

ኣርቲስት እያሱ በርሀ ፍሉይ ብቅዓት ጥበቡ ተጠቒሙ ኣብቲ እዋን ነዝነበረ ከቢድ ድርቂ እንታይ ይመስል ከምዝነይረ ብከመይ ገሊፅዎ እስቲ ንርኣይ፡-

"ዘራጊት ስድራና ድርቂማንታ ደመኛ ብሓቂ
እምባሕ የለን ደሪቁ ኣሳውሕና
መዓል ኣዛብእ ኮይኑ መዋፍርና
ድሕሪ ኩሒል ጠዋርን የብልና
ብዕራየ ብዕራየ ኣይንዓ ኻእንድየ
ኣንታ ቀላብየ ኣንታ ኸዳንየ
ዘበን ከፉኡዶ በይነይ ጠሊምካኒ
ኣካሒዳ ኮይኑ በይነይ ገዲፍካኒ
ሰኣን ጠሊ ዶታ ራሕሲ ናይ በረኻ



ኣርቲስት ኢያሱ በርሀ

ኣንጉዕኻ ፈሲሱ ኣዒምካ ተሪፍካ
ንዓይ ይስጠሓኒ ተሰጣሕካ ኣብ ቅድመይ"

ብምባል፤ ብሰንኪ እቲ ዘጋጠመ ድርቂ ሰውሒ ደሪቁ እንስሳት ዝበልዕኦ ሳዕሪ ስኢነን ከምዝተውድኣን ኣብቲ መዋፈሪ ቦታ ኣብ ክንዲ እተን እንስሳት ኣዕፅምተን ዝኣራርዩ ኣዛብእ ከምዝበዝሑ ብምሕባር፤ ድሕሪ ሙማት ከፍቶምን ኣብዑሮምን ናብራ ሓራስታይ ብጣዕሚ ከምዝኸበደ ይሕብር።

ብምቅፃል ድማ ውሽጥን መረባን ገዛ ሓረስቶት ቅድምን ድሕርን እቲ ድርቂ እንታይ ከምዝመስል ብንፅፅር ብምግላፅ ብዙሕ ተዘክሮታት ዘሕለፈሉ ገዝኡ ከይፈተወ ተገዲዱ ዓይኑ ኣቁፀርፂሩ ዓኾር ደርብየልኪ ከድኩ ብምባል መንደሩ ገዲፉ ክስደድ ከምዝተገደደ ከምዚ ክብል ይገልፆ :- "
መርዓት ዓውዲ ዳንዴር ቦቍሉዋ
መክፈል ላጋ ሳርየት ወሪርዋ
ጎጆ ዓንዩ ታይከ ኣለዎ ፅዋ
ጎጆየ ጎጆየ ውሻጠ ገዘየ ኣንቲ ክብረት ናተይ መዓርግ ዕያለየ
ዓውዲ ኣብ ድሕሪ ቤተይ ከምዘየከድኩልኪ
ጓጉድ ፀባ ከፍተይ ከምዘይመላእኩልኪ
ዳሰይ ደደስዲሰ መርዓ ደርዓ ደቀይ ከምዘየሕለፍኩልኪ
ዘበን ከፉኡ'ዶ ቆፋፋ ጋሕ ኢሉ ንጋፍ ክስእነልኪ
በሊ ከድኩ ኣነ ዓኮር ደርብየልኪ
መገዛእ ገዛይዶ ጓና ክኮነኪ ዓይነይ እባ ደም መልአ ቁልሕ ከይብለኪ።

ኣርቲስት እያሱ በርሀ በዚ ኣየብቅዓን እቲ ዝነበረ ድርቂ ጥራሕ ዘይኮነስ ጥምየት ከምዝነበረ ከምዚ ክብል ስምዒትካ ብዝነከእ ኣብሪህዎ 'ዩ። ፀበል ሓረስታይ ቀውዒ ሐሪሙና

ወይከ ትቁርጠም ትልሓስ ስኢንና
ዘርኢ ፈሲሱ ቀርዩ ኣብ ቆፎና
ዓውደየ ገርሆየ ፍርያት ናይ ቃልሰይ
ኣይሳላኪ እንዶ'ቲ መሪፀ ዝበልዕ ሰብ ኮይነ ዝኮርዕ
ሓሪሰ ኣለስሊሰ ከምዘይደኳዕኩኪ
ዋልካ ለሰ ገርሆይ ሎሚ'ባ ጠሊምኪ
ዳጉሻ ሃጉጉ ጣፍውን ሃፊሱ ፤
ዓተር'ውን ተሪፉ ድንኩል ተተርኢሱ
ኣፈይ ይፀዊሎ ናይ ዓሚ ኮሊሱ። ብምባል ኣብዚ እዋን ዝልሓስ ዝቅመስ እኽሊ ከምዘይነብረን ዓቅሚ ዘይብሎም ህፃናት ከምዝሞቱን እቲ ዝተረፈ ድማ ብደሓን ግዜ ዝበልዖ የፅንሖ ከምዘሎ ከምዚ ክብል ይገልፅ፡- ህፃውንቲ ከም ቆፅሊ ረጊፉ ፤
ሸዊት ዝዕድሚኦም ተይሓለፈ
ሰኣን እኽሊ እባ ኣንታ ኩሉ ተረፈ
ዝገንዞ'ኳ የለ ሬሳ ኣብ ጎኒ ማእሱ
እምኒ ኮይኑ ይሓድር እምኒ ተተርኢሱ
ቁሽታት ባዲመን ገርገራ ፈሪሱ
ኣዶ ኣብ እግሪ መቒዕ ወዳ ምስ ሓቆፈት
ህፃን ክተዕንግል ንየን ነዘን ክትብል ፤ ካብ እክሊ ቀዲሙ ኣያ ሞት ይምጥል።

እቲ ኣርቲስት ኣብቲ እዋን ዝነበረ ጥምየት ብዝንታው ጥራሕ 'ውን ደው ኣይበለን ካብኡ ቅድም ኢሉ ዝነበረ ካሊእ ተመሳሳሊ ታሪኽ ብምዝኽኻር ብ1951 ዓ.ም በጠቆ ተባሂሉ ዝፍለጥ ከምዝኾነ ኮይኑ ክብል ታሪኽ ብምውካስ ከምዚ ዝስዕብ ይገልፅ፡-
ከም ወዮ በጠቆ ከምቲ 51 ኣካሒዳ ኮይኑ እዋን ክፉእ ዘመን
ደም ነቢዓ ጎርዞ ህፃን ካብ ሕቑፎኣ ክትፈሊ እንትትፍትን
ናይ ናተይስ ናተይ ፅኑዕ ኣርግፅኒ ፤ ምርሕኒ እስቲ ብርከይ
እታ ውድበይከ ፍጥረት ትግራይ ሒዛ ናበዳነይ ትእቶ።

ታሪኽ ባዕሉ ይደግም ከምዝብሃል ሎሚ 'ውን ብዘሕዝን ኩነታት ኣብ ዝተፈላለዩ ከባቢታት እታ ሃገር ብፍላይ ኣብ ብዙሕ ከባቢታት ትግራይ ኣጋጢሙ ባዕሉ እቲ ክፉእ ታሪኽ ተደጊሙ ንሰምዖን ንሪኦን ኣለና እሞ፤ ኣብዚ መከራ ስቃይን ጥሒሎም ዘለው ኣሕዋትና ካብ ኣፍ ሞት ንምትራፍ ብዝተኽኣለና ኩሉ ግደና ንዋፅእ ምስ ዝብል መልእኽቲ ኣብዚ የብቅዕ።



# ስፖርት



## ዕድመ ዘይዓግቶ ኣትሌት

**መሰረት ገብረዮሃንስ**

ዓለም ኣብ ታሪኽ ካብ ዝፍራየቶም ኅበዛት ኣትሌታት እቲ ሓደ ‘ዩ፤ ብሃገር ኣቋረፂ፣ ኣብ ጎደናን ካልኦትን ዝተሳተፈሎም ውድድራት ዘኹርዑ ዓወታታትን ኣብ ታሪኽ ካብ ዝተርኣዩ ዓበይቲ ኣትሌታት ሓደ ንክኸውን ገይርዎ ‘ዩ፡፡

ንዓመታት ናይ ቀረባ ተፎኻኻሪ ኾይኑ ዝፀንሐ ኬንያዊ ኣትሌት ክፕሮፕ ከምዚ ክብል ይገልፆ ‹‹ምስ ሃይለ እንትጎይ ክሳብ መጨረሻ ከምትስዕር ተስፋ ገይርካ ትጎይ ፣ተወዳዳሪኻ ቀነኒሳ እንድሕር ኾይኑ ግና ገና ካብ መልዓሊኡ ይስዕረካ ‘ዩ›› ፡፡ እዚ ጀግና ኢትዮጵያዊ ኣትሌት ካብ 1500ሜትሮ ክሳብ ማራቶን ኣብ ዝተሳተፈሎም ውድደራት ልዕሊ 17 ክብረ ወሰን ሰቢሩ ‘ዩ፡፡ ኸዚ ‘ውን ዝተፈላለዩ ክብረ ወሰን ካብ ምስባር ንድሕሪት ኣይበለን፡፡

ኣብ ሓደ ኦሎምፒክ ውድድር ኽልተ ክብረ ወሰን ዝሰበረ እዚ ኣትሌት ፤ብሃገር ኣቋራፅን መናእሰይ ቻምፒዮና ሓዊሱ ኢትዮጵያ ወኪሉ ብዓለም ለኸ መድረኻት ኣብ ዝተወዳደረሎም ርሕቐት 26 ናይ ወርቂ፤ 3 ናይ ብሩር 2ድማ ናይ ናሓስ ብሓፉሻ 31 ሜዳልያታት ምርካብ ክኢሉ ‘ዩ፡፡

ድሕሪ ነዊሕ መጉዳእቲ ሎሚ ዓመት ኣብ ዝተሳተፈሉ ናይ ቫሌንሲያ ማራቶን መበል 4ኾይኑ እንተዛዘመ ‘ውን 42 ኪሎ ሜትሮ ዝወደኣሉ 2፡04፡19 ሰዓት ልዕሊ 40 ዓመት ዕድመ ትሕቲ 2፡05 ሰዓት ዝዛዘመ ናይ መጀመርያ ኣትሌት ንክኸውን ኣኽኢልዎ ‘ዩ፡፡ እዚ ስዒቡ ጋዜጣታት ኬንያ ንቀነኒሳ ‹‹ዕድመ ዘይዓግቶ ›› ዝብል ቅፅል ስም ሂበምዎ ‘ዮም፡፡

ዝተወለደ ሰነ 6/1974 ዓ.ም ኣብ ዞባ ኣርሲ ከተማ ቦቆጂ ‘ዩ፡፡ ኣብ ትምህርት ቤት እናሃለወ ኣብ ክፍለ ግዜ ስፖርት ዝገብሮ ምንቅስቃስ ዝራኣይዎ መምህሩ ናብ ኣሌቲክስ እንተኣትዩ ውፅኢታዊ ከምዝኾን ብዝነገርዎ መሰረት ገይሩ ‘ዩ ናብ ጉያ ዝኣተወ፡፡ ከምዝተብሃለ ‘ውን ናብ ኣሌቲክስ ምስ ኣተወ ኣብ ሓፂር እዋን ብጣዕሚ ዘደንቕ ውፅኢት ኣመዝጊቡ ዓለም ኣደኒቑ ‘ዩ፡፡

ዓለም ለኸ ውድድር ዝጀመረ ከም ኣቆፃፅራ ኣውሮፓ 2001 እንተኾን ፤ናይ መጀመሪኡ ጉያ ድማ ናይ መናእሰይ ሃገር ኣቋራፂ ሻምፒዮን ሜዳልያ ወርቂ ብምርካብ ዛዚሙ ‘ዩ፡፡ ብተመሳሳሊ ድማ 3ሽሕ ሜትሮ ክብረ ወሰን ዝሰበረ እንተኾን ፤እዚ ክብረ ወሰን ንሰለስተ ዓመትን ፈረቓን ፀኒሑ ‘ዩ፡፡

ካብ ኣቆፃፅራ ፈረንጂ 2000ን 2001 ኣብ ኔዘርላንድ ዝተገበሩ 15 ኪሎ ሜትሮ ጉያታት ጎዳና ብቀዳማይነት ዛዚሙ ‘ዩ፡፡ ብ19 ዓመቱ ዝጀመረ ሃገር ኣቋራፂ ውድድር ንተኸታታሊ ሓሙሽተ ዓመታት ብሰዓርነት ብምዝዛም 11 ናይ ወርቂ ሜዳልያታት ረኺቡ ‘ዩ፡፡

ናይ 5ሽሕን 10ሽሕ ኪሎሜትሮ ክብረ ወሰን ዓለም ከም ኣቆፃፅራ ኣውሮፓ ካብ 2004 ክሳብ 2020 ብዘለዉ ተኸታተልቲ 16 ዓመታት ማንም ከይሰበሮም ናይ ውልቅኡ ገይርዎም ፀኒሑ ‘ዩ፡፡ ኣብ 2004 ናይ ኣቴንስ ኦሎምፒክ ብ10ሽሕ ሜትሮ ሜዳልያ ወርቂ ከምኡ ‘ውን ብ5ሽሕ ሜትሮ ናይ ብሩር ሜዳልያ ሰዓሪ ኾይኑ ‘ዩ፡፡ ኣብ 2008 ቤጂንግ ኦሎምፒክ ብ5ሽሕን 10ሽሕን ሜትሮ ብኽልቲኡ ውድድራት ክብረ ወሰን ብምስባር ሜዳልያ ወርቂ ብምርካብ ተዓዋቲ ኾይኑ ‘ዩ፡፡

ኣብ ዓለም ሃገር ኣቋራፂ ሻምፒዮና ታሪኽ ብ12ኪሎ ሜትር ሽድሽተን 4ኪሎ ሜትሮ ድማ ሓሙሽተ ናይ ወርቂ ሜዳልያ፤ ብሓፈሻ 11 ናይ ወርቂ ሜዳልያ ዝሰዓረ ስኬታማ ኣትሌት ‘ዩ፡፡

ቀነኒሳ ኣብ 2003 ብ10ሽሕ ሜትሮ ዓለም ለኸ ጉያ ካብ ዝጀመረሉ ክሳብ 2011ዘይተሰዓረ ብሕታዊ ኣትሌት ‘ዩ፡፡ ኣብ 2006 ኣብ ዝተኻየደ ናይ ዓለም ገዛ ውሽጢ ሻምፒዮና ብ3ሽሕ ሜትሮ ናይ ወርቂ ሜዳልያ ተዓዋታይ ነይሩ ‘ዩ፡፡ ኣብ 2014 ኣብ ፓሪስ ማራቶን ዓወት ዘመዝገበ እንተኾን ፤ዘመዝገቦ ሰዓት ኣብ ታሪኽ መበል ሻድሻይ ፈጣን ናይ ማራቶን ውድድር ኾይኑ ተመዝጊቡ ‘ዩ፡፡

ቀነኒሳ ኢንተርናሽናል ውድድራት ምስታፍ ካብ ዝጀመረሉ ግዜ ጀሚሩ ንዝሓለፉ 22 ዓመታት ልዕሊ 168 ኢንተርናሽናል ውድደራት ኣካይዱ ‘ዩ፡፡ እዚ ድማ ብማእኸላይ ልዕሊ ሸውዓተ ኢንተርናሽናል ውድድራት በቢዓመቱ ኣካይዱ ‘ዩ ማለት ‘ዩ፡፡

ኣትሌት ቀነኒሳ ኣብ መድረኽ ኣሌቲክስ ስም ኢትዮጵያ ብምፅዋዕ ካብ ዩኒቨርሲቲ ኣርሲ ናይ ክቡር ዶክተሬት ተዋሂብዎ ‘ዩ፡፡ ቀነኒሳ መጉዳእቲ ተደጋጊምዎ ንነዊሕ እዋን ተዘይርሕቐ ነይሩ ማንም ክበፅሖ ዘይኽእል ታሪኽ ከመዝግብ ይኽእል ነይሩ ክብሉ ብዙሓት ይዛረቡ ‘ዮም፡፡



ኣትሌት ቀነኒሳ በቀለ